## ቃለ-መሕትት ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ



**ክቡር ፕረዚደንት፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን መደበር ተለቪዥን ኣልጀዚራ፡ ብታንክታትን ነፈርትን ዝተሰነዩ ወተሃደራት ግብጽን ኢማራትን ኣብ ሳዋ ከም ዝዓስከሩ ኣጋዊሓ ነይራ። እዚ ወረ’ዚ ከኣ ከም ዘለዎ፡ ብዘይ ዝኾነ ምጽራይ፡ ብሓያሎ ማዕከናት ዜና ዓለም ተደጋጊሙ። መበቆልን ዕላማን ናይ’ዚ ወረ’ዚ እንታይ’ዩ?**

እቲ ወረ፡ ካብ ኣቡደቢ ክንምለስ ከለና እየ ኣብ ነፋሪት ሰሚዐዮ። ኣብቲ ቀንዲ ትሕዝቶ ከይኣተኻ፡ እንታይ’ዩ እቲ ጉዳይ እንተደኣ ኢልካኒ፡ ‘ጆክ’ ናይ 2018 እየ ዝብሎ ኣነ። ኣብ’ቲ ቀንዲ ትሕዝቶ፡ ብዙሕ ኣርእስትታት ኣዛሚድካ ክዝረበሉ ዝከኣል’ዩ። እዚ ማለት - እንታይ’ዩ እቲ ዕላማ? ናይ ግዜ ኣጋጣሚ’ኸ ብኸመይ ክግለጽ ይከኣል? ምስ ካልእ ዝተፈላለዩ ኣብ’ዚ ዞባና ወይ ጉደቦና እንብሎ ከባቢ እንታይ ምትእስሳራት ኣለዎ? ብዙሓት ሕቶታት ኣልዒልካ ክዝረብ ይከኣል’ዩ። ሓድሽ ኣርእስቲ ከኣ ኣይኮነን። ቅድሚኡ ፈንዮምዎ ዝነበሩ ናይ ሓሶታት ዘንቢል ኣሎ። ኣብ’ዚ መወዳእታ ዘይብሉ ዘንቢል’ዚ ዘይእከብ ነገር የለን። ኣብነት ኣልዒልካ ብዙሕ ክጥቀስ ዝከኣል’ኳ እንተኾነ፡ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ሓሶታት ሳዕቤናቶምን ኣመዓባብላኦምን ክርአ እንከሎ. . .ኣነ ናይ ጸሮና እዩ ዝዝከረኒ። ኣብ ጸሮና፡ ቅድሚ’ቲ መጥቃዕቲ፡ ብካድረታት ወያነ፡ ነቶም ወተሃደራቶም ‘ኣብ’ቲ ግንባር ግብጻውያን ወተሃደራት ኣለዉ’ ተባሂሉ ተነጊርዎም ነይሩ። እዚ ከኣ፡ ብዝተፈላለዩ ማዕከናት ዜናን ብዝተፈላለየ መገዲን ይዝርጋሕ ነይሩ። ከምዚ ዓይነት ጽውጽዋይ ክትዛረብ ግን እንታይ ቁም-ነገር ስለዘለዎ እዩ? ኣብ’ዚ ከባቢ ብዛዕባ ግብጺ ዘሎ ኣረኣእያ፡ ብፍላይ ኣብ ወያነ፡ ንምንታይ ክጥቀመሉ ይኽእል ካልእ ዓቢ ኣርእስቲ እዩ - ግን፡ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ጉዳያት ተመሊስካ ክትርእዮም ከለኻ፡ እቲ ንከምዚ ዝኣመሰለ ዘረባ ኣሚኑን ኣትዩን ኣብ ኲናት ዝሓረረ ሰብ፡ እቲ ዝተኸፍለ ዋጋን ክሳራን፡ ብኸምዚ ዓይነት ሓሶታት እንታይ ከተመኽንየሉ ትኽእል? ዕላማ ንዘለዎ፡ ከምዚን ከምዚን ኢልካ ክትዛረብ ትኽእል ኢኻ። ንኸምዚ ዝኣመሰለ ሓሶት ግን. . .።

ሕጂ ኸኣ፡ ‘ግብጺ ኣብ ኤርትራ ኣላ፡ ግብጺ ኣብ ኤርትራ ወተሃደራት ኣለዉዋ፡ ኣጽዋር ኣሎ፡ ‘ሚሳይላት ኣሎ. . .’፡ ዘይተዘርበ የለን። እዚ ትማሊ ኣልጀዚራ ዘምጽኣቶ ድማ - ምናልባት ካብ’ቲ ዘንቢል ቁንጣሮ እዩ ኢልካ ክዝረብ ይከኣል።

ድሕሪኡ ዝመጸ ብፍላይ ንሱዳን ኣብቲ መጻወድያ ንምእታው፡ ‘ኣብ ደቡብ ባረንቱ ኣማኢት ወተሃደራት ግብጺ ኣለዉ’ እናተባህለ ክካየድ ዝጸንሐ እዩ። እዚ ድማ፡ ‘ካብ እሙናት ምንጭታት ዝረኸብናዮ ሓበሬታ’ እናተባህለ ዝካየድ ዝነበረ’ዩ። ‘ናይ ስለያን ናይ ጸጥታ ትካላትን ናይ ሱዳንን ወያነን ኣብ ከሰላ ተኣኪቦም፡ ግብጺ ኣበይ እያ ዘላ? እንታይ እያ’ኸ ትገብር ዘላ? ኢሎም ገምጊሞም’ ድማ ተባሂሉ። እዚ ግን ኣብ መወዳእታ እንታይ’ዩ እንተደኣ ተባሂሉ፡ ምስናዕ’ዩ ማለት - ናይ ሓሶት ፋብሪካ እዩ። ብድሕሪ’ዚ፡ ‘ክንድዚ ዝኣኽሉ ወተሃደራት ኣለዉ’ ኢልካ ትሕሱ። ነቲ ዝዝርጋሕ ሓሶት ከምዝእመን ንምግባር ከኣ፡ ኣስማት ቦታታትን ኣስማት ሰባትን ትጠቕስ። ንኣብነት፡ ነዞም ኣብ ደቡብ ባረንቱ ኣለዉ ዝተባህሉ ዘወሃህድ ተኽለ ማንጁስ ዝበሃል ጀነራል ኣሎ ተባሂሉ ኣብ’ቲ ጸብጻብ ተጻሒፉ። እዚ፡ ንሓደ ዘይፈልጥ ወይ የዋህ ሰብ ከምዚ ዓይነት ሓሶት ምናልባት. . .? ንሓደ ተራ ወይ ዘይፈልጥ ሰብ ጥራይ ዘይኮነ፡ ውሳነ ንዘወስዱ ትካላት ወይ ሰበ-ስልጣን፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ናይ ሓሶት ሓበሬታ፡ ናብ ምንታይ የምርሕ? እዛ ናይ ሳዋ፡ እታ ዝፈኹሰት’ያ። እዚ ደንቆሮ ጆክ’ዩ። ምኽንያቱ፡ ቀልጢፉ ዝፍዳሕ ወይ ዝኸሻሕ ሓሶት እንድሕሪ ኮይኑ ፈኩስ’ዩ ማለት እዩ። እቲ ሓሶት፡ ግዜ ዝወስድ፡ ንሰብ ቁሩብ ዘደናግሮ፡ ምናልባት’ውን ሓቂ ደኾን ይኸውን ኢልካ ዘጠራጥር. . . ቁሩብ ሚዛን ኣለዎ ዘብል ክኸውን ኣለዎ። ሕጂ፡ እናፈኾሰ እናፈኾሰ ምምጽኡ እምበኣር፡ ፍኹሰት ናይቶም ዝሰንዕዎ ዘለዉ እዩ። ከምዚ ዝኣመሰለ ሓሶት ክፍብርኹ ከለዉሲ፡ ቅሩብ ኣፋፍኖት፡ ነቲ ሰማዒ ከተጋግዮን ከተደናግሮን እትኽእሉ መገዲ ዘይደልዩ ምኺኖም እዩ። ነዚ ሓሶት’ዚ ዘጋውሐት ኣልጀዚራ ብዙሕ ሰብ ዘይክፈልጣ ይኽእል’ዩ። ኣልጀዚራ ግን መጋበርያ እያ።

መን ይምውላ፡ መን ይእዝዛ፡ መን የሰርሓ፡ ብዙሕ ኣርእስታት ኣሎ። ድሕሪኡ ዝመጽእ፡ ንኸምዚ ዝኣመሰለ ወረ ብኸመይ እያ ዘርጊሓቶ? ዝብል’ዩ። ናይ ኣልጀዚራ ማእከል ኣብ ኣዲስ ኣበባ ክምስረት ከሎ፡ ንኣገልግሎት ኣልጀዚራ ነቲ ናይ ተለቪዥን መደበር ዘይኮነ፡ ነቶም ኣንጻር ኤርትራ ዝካየዱ ዝተፈላለዩ ካልኦት ኣጀንዳታት መወሃሃዲ ባይታ ተባሂሉ እዩ እቲ ቤት- ጽሕፈት ተመስሪቱ። ከም ዓቢ ፍጻመ ድማ፡ ‘ኣልጀዚራ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ተመስሪቱ’ ተባሂሉ፡ ብዙሕ ዳንኬራታት ተገይርሉ። ኣብ ዝተፈላለየ ጽሑፋት - ኣብ ጋዜጣታት እውን ተዘሪቡ። መን’ዩ ዘካይዶ? ከመይ ገይሮም’ዮም ዘካይዱዎ እውን ብዙሕ ዘረባታት ነይሮም። እንተኾነ፡ ኣንጻር ኤርትራ ንዝቐንዕ ዝተፈላለየ ተጻብኦታት ዘወሃህድን ንዓኡ ናይ ፕሮፓጋንዳ ደገፍ ዝህብን ትካል’ዩ ቀይሙ። እዚ ናይ ሳዋ እምበኣር ኣብኡ’ዩ ተሰኒዑ። እቲ ኣቀራርባኡ፡ እቲ ቃላቱ . . .ነቲ ሓሶት ከም ዝእመን ትገብር ማለት’ዩ። እዞም ሰባት እዚኣቶም ግን፡ ኣብ ማርስ ድዮም ኣበየናይ ዓለም’ዮም ዝነብሩ? ቁሩብከ ኣፋፍኖት ናይ ሳዋ ይፈልጥዎ ድዮም ኣይፈልጥዎን? ዘገርም’ዩ። ሲ.ጂ.ቲ.ኤን ዝብልዋ ናይ ቻይና መደበር ተለቪዥን ኣላ። እቲ ናይ ሓሶት ወረ ክቃላሕ ከሎ፡ ኣብ ካይሮ ዘሎ ኮረስፖንደንት ናይ ሲ.ጂ.ቲ.ኤን፡ ብዛዕባ’ዚ ኣልጀዚራ ዘዘርግሓቶ ወረ ፈላጥ’ዩ ተባሂሉ መደረ ክገብር ኣምጺኦሞ። ኣብቲ መደረ፡ ‘ደሴት ሳዋ ኢማራት ከም

ዘለውዋ እየ ዝፈልጥ። ግብጻውያን ኣለዉዋ ድዩም የብላን ግን ኣረጋጊጸ ኣይፈልጥን'የ' ኢልዎም። እቲ ሓሶት እምበኣር ብኸምዚ እዩ ዝቐጽል። በዚ ሰብ'ዚ፡ ሳዋ ትብሃል ደሴት ኣላ? ኣበየናይ ባሕሪ ትርከብ ኢልካዮ ግን እንድዒ'ቲ ዝህቦ መልሲ? እንታይ'ዩ ክብል? እሞ ኸኣ፡ ኣብ ሓንቲ ዓበይ ተለቪዥን'ዩ ዝዛረብ ዘሎ። ብድሕሪኡ፡ ዘይተዛረበሉ የለን። መደበር ተለቪዥን ኣር.ቲ. ተዛሪባትሉ፡ ካልኦት ዓበይቲ መደበራት ተለቪዥን እውን፡ 'ኣልጀዚራ ዝፈነወቶ' እናበላ ኣምጺኣናኦ። ምልስ ኢልካ ክትርእዮ ከለኻ፡ ምናልባት ዳሕራይ ኣብቲ ካልእ ኣርእስቲ ክንዛረበሉ ኢና፡ ግን መጀመርያ ፍኹሰት ናይ ወያነ እዩ። ልዕሊ ኹሉ ከኣ ፍኹሰት እቶም ንወያነ ዘሸቅሉ - ወያነ ሽቓላይ እዩ። ወያነ ናቱ ኣጀንዳ ኣለዎ. . ከምዚ ኣለዎ. . ክወቕዖ ዘለዎ ዕላማታት ኣለዎ፡ ኢልካ ክትዛረብ፡ ዘይናቱ ዘይዓቕሙ ኢኻ ክትህቦ።

እዚ ካብ'ቲ ብጸሮና ዝዝረብ ዝነበረ ጀሚርካ፡ 'ኖ፡ ኣብ እምባሶይራ፡ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኣልቲትዩድ ዝሰርሕ ናይ እስራኤል ናይ ሳርቬየላንስ መደበር ኣሎ። 'ኣብ ዳህላክ እስራኤልን ኢራንን መደበራት ኣለወን' ዝበሃል ዝነበረ ንፍኹሰት ብሃልቱ ዘቃልዕ'ዩ። ሓሶት መዓልቲ ምስ በልዐ ግዳ ይፈኩስ ይበንን እዩ። እዚ ናይ መወዳእታ ማለት፡ ናይ ሳዋ እምበኣር ካብ ኩሉ ዝፈኾሰ'ዩ። ኣብኡ ዘሎ ሰብ'ከ እንታይ ይብለና? በቲ ከባቢ ዝሓልፍ ሰብ እውን እንታይ ይብለና? ተባሂሉ ቁሩብ ፍልጠት ክህልወካ ክኽእል ኣለዎ። ብዓቢኡ ኸኣ፡ እቶም ግብጻውያን ወተሃደራት ኣብ ሳዋ እንታይ እዮም ክገብሩ? ካብ ሳዋ ተበጊሶም ኣበይ እዮም ክኸዱ? ንመን'ዮም ስግኣት ክኾንዎ? ግብጻውያን እንድሕሪ ናይ ብሓቂ ኣንጻር ሱዳን ዝዓለመ መደባት ኣለዎም - ማለት፡ ሽርሒ ይኹን ዝኾነ እንተደኣ ኣለዎም ኮይኑ፡ ናይ ግብጺ ዶባት ምስ ሱዳን ኣብ ሰሜን እንዶ ኣይገፍሕን ኣይቀርብን? ስለምንታይ ካብ ሳዋ? ወይ ስለምንታይ ካብ ኤርትራ? ስለምንታይ ካብ ባረንቱ? ስለምንታይ ካብ ሃይኮታ? ስለምንታይ ካብ ጸሮና? ንመን ከፈራርሑ - ንወያነ? እቲ ወረ ናይ ብሓቂ ኣዝዩ ፈኲስ እዩ። ስለዚ፡ ንምንታይ ዕላማ እዩ ተባሂሉ ኢልካ ክትዛረብ ክትክእል ኣለካ። እቲ ዕላማ ብቐንዱ ህድማ ንቕድሚት እዩ። እዚ ከኣ፡ ማእዘን ናይ ፍጻሜታት ንምጥምዛዝ እዩ። ወያነን ኣሸቀልቲ ወያነን ዘለውዎ ኩነታት፡ ጭንቀት ኣብ ልዕሊ ጭንቀት እናፈጠረ ብዝኸደ መጠን፡ ካብኡ ከመይ ገይርካ ትሃድም'ዩ። ህድማ ንቕድሚት - ብቐንዱ ከኣ ምጥምዛዝ እዩ።

ነዚ፡ ብዙሓት ዝደልይዎ ኣለዉ - ብዘይካ ወያነን ኣሸቀልቲ ወያነ ዝበሃሉን። ንወያነ ብዙሓት'ዮም ዘሸቅሉዎ። ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት ዝጸንሐ ናይ ፍናን ውድቀት ኣብ ኣሸቀልቲ ወያነን ኣብ ወያነን መመሊሱ እናተጋህደ፡ እቲ ሽግር እናተሓላለኸ ስለዝመጽአ፣ በቲ ሓደ ወገን ከኣ፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ክካየድ ዝጸንሐ ናይ ዝሓለፈ 25 ዓመታት ተጻብኦታት ስለዘይሰርሐ። ናይዚ ህዝቢ'ዚ ሓይሊ፡ ናይዛ ሃገር እዚኣ ሓይሊ፡ ንኹሎም እዞም ተጻብኦታት እዚኣቶም መኪቱ ሰጊርዎም እዩ። ክልተ ኣንጻር ዝኾነ ምዕባለታት'ዩ ተራእዩ። እዚ ከኣ፡ እቲ ሓብሒቦም፡ ኣሸቂሎም፡ ኣብ'ዚ ከባቢ ኣጀንዳኦም ከተግብረሎም ዘሳሰይዎ ሓይሊ እናተዳኸመ፡ እናተበታተነ፡ ኣብ

ኣዝዩ ሕማቕ ኲነታት መጺኡ። እቲ ተጻቢኦም ከዳኽምዎን ክርምስዎን ዝደለዩ ሓይሊ ግን፡ ኣይተረመሰን። እዚ ሓደ ዓቢ ጭንቀት'ዩ ፈጢሩ። ስለዚ፡ ብዜና፡ ብስነ-ኣእምሮ፡ ብዝተፈላለየ መገዲ ዝተገብረ ቀጻሊ ተጻብኦ ስለዘይሰርሐ፡ ኣብ'ዚ መወዳእታ ከም መመኽነይታ ወይ ምስምስ፡ ግብጺ መጺኣ። ነዚ ናይ ግብጺ ጽልዋ ክትውስኽሉ ከለኻ ከኣ፡ ነቲ ኣርእስቲ ተዕብዮ ማለት'ዩ። እቲ ቀንዲ መልእኽቲ ንሱዳን'ዩ። ምኽንያቱ፡ ናይ ግብጺ ህላወ ኣብ ኤርትራ፡ ንሱዳን እውን ስግኣት'ዩ። ሕጂ፡ ኣብ መንጎ ኣብ ሱዳን ዘለዉ ሰብ ፍሉይ ረብሓ፡ ምስ ወያነ. . . ብዙሕ ዝዝረበሎም ኣርእስታት ኣለዉ። ምናልባት ብመዓልቱ ክለዓል ይኽውን። ነዚ ኪዳን'ዚ፡ ዘይቅዱስ ኪዳን እየ ዝብሎ ኣነ። ናይቶም ሰብ ፍሉይ ረብሓን ንህዝቢ ሱዳን ከጋግዩ ዝደልዩን፡ ንህዝቢ ሱዳን ኣብ ዘይደልዮ ጸገም ከእትውዎ ዝደልዩን፡ ብወገን ወያነ ኸኣ፡ ንሱዳን ኣብ ኣሰላልፋ ኣእትያ፡ እቶም ኣሸቀልታ'ውን ክሰርሑሉ ዝጸንሑ ማለት'ዩ - እዚ ኪዳን እዚ ኣንጻር ኤርትራ፡ ኣንጻር ግብጺ፡ ኣንጻር ዝተፈላለዩ ናይ'ዚ ከባቢ ሓይልታት ዝበሃሉ'ውን ኣሎ።

ከምዚ ዝኣመሰለ ወረ ክመጽእ ከሎ፡ ናብ ምንታይ እዩ ከይዱ ከይዱ ወይ ናብ ምንታይ ማዕቢሉ እንድሕሪ ኢልና፡ ዕላማታቱ ንሱዳን ኣብ ቀጥታዊ ግጭት ምስ ኤርትራ ንምእታው'ዩ። ናብ ቀጥታዊ ግጭት ከተእቱ ከኣ፡ ሱዳን ነዚ ሓሶት'ዚ ክኣምኖ ክኽእል ኣለዎ ወይ ክኣምኖ ስለዝደለየ፡ ናይ ዶብ ምዕጻው፡ ኣብቲ ዶብ ናይ ርኣዩለይ ስምዑለይ (ስትዕራድ) ምንቅስቓሳት ምግባር ተኣትዩ ማለት'ዩ። ኣብ መወዳእታ ንዓይ ዘለኒ ሓበሬታ'ዩ - እዚ ወረ እዚ እናተላብዐ ከሎ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን፡ ወያነ ኣብ መሬት ሱዳን፡ ኣብ ደቡባዊ ዞባ (ውላያት) ከሰላ ሰራዊት ከሰፍር፡ ኣብ መንጎ ሱዳንን ወያነን ስምምዕ ተገይሩ። እቲ ሰራዊት ዘሰፍር፡ ክንደይ'ዩ - ምናልባት ዝርዝራቱ ምስቶም ዝምልከቶም ይህሉ ይኽውን። ግን ናይቲ ሰራዊት መሻርፍ መንግስቲ ሱዳን'ዩ ክኸፍሎ እውን ተባሂሉ። እዚ፡ ትንታነ ዘይኮነ ጭቡጥ ሓበሬታ እዩ። ከመይ ገይሩ ክትግበር'ዩ? ኣብ መወዳእታኸ እንታይ'ዩ ክገብር? ሰራዊት ግብጺ ካብ ሳዋ ተበጊሱ ንሱዳን ከጥቅዕ ከሎስ፡ ካብ'ቲ ከባቢ - እዚ ሕጂ ወያነ ሰራዊት ክሰፍረሉ'ዩ ዝበሃል ዘሎ ቦታ መጺኡ፡ ንኽዋጋእ ተባሂሉ ማለት'ዩ።
ከምዚኦም ዓይነት ጽውጽዋያት፡ ከምዚኦም ዓይነት ፈብረኻታት ዕላማኦም ተንሸን፡ ግጭት፡ ተጻብኦታት ምፍጣር እዩ። ድሕሪኡ ነቲ ተጻብኦ ተማሕድሮ። ኣብ መወዳእታ እቲ እትደልዮ ህውከት ምስ ተፈጥረ፡ ነቲ ህውከት ከመይ ገይርካ ተመሓድር'ዩ እቲ ጉዳይ። እዚ ድማ፡ መሰረታውያን ሕቶታት ከም ጉልባብ ይሸፋፍን፡ ንኣርእስትታታት ከኣ መኣዝኖም የስሕት ማለት'ዩ። ብዙሕ ኣብነታት ጠቒስና ክንዛረብ ንኽእል ኢና። ከምቲ ኵሉ ግዜ ኣብ ኣእምሮና ጦብላሕ ዝብል - ናይ ኮሊን ፓወል ሓሶት። ኮሊን ፓወል ኣብ ባይቶ ጸጥታ፡ 'እንሆለ እዚ ናይ ህልቂት ኣጽዋር፡ እነሆ ከምዚ ኣሎ . . .' እናበለ፡ ነቲ ኣብ ዒራቕ ክፍጽሙዎ ዝደለዩ መጥቃዕቲ ንምምኽናይ ወይ ንምምስማስ ሓሶት ፈብሪኹ። ኣብ ባይቶ ጸጥታ ተጠሊዕካ ሰብ ይእመን ኣይእመን ብዘየገድስ፡ ግን ናይ ሓንቲ ዓባይ ሃገር ናይ ምክልኻል ሚኒስተር እሞ ድማ ከመይ ዝኣመሰለ ዝና ዘለዎ፡ ከምዚ ዓይነት

ሓሶት ምሂዙ ኣብ ልዕሊ ዒራቕ ናይ ወራር መጥቃዕቲ ተፈጺሙ። ዒራቕ ኣበይ ኣላ ሎሚ? ኣብ ልዕሊ ዒራቕ ዝወረደ ዕንወት ጠንቁ ከምዚ ዝኣመሰለ ሓሶት ምኳኑ ከም ኣብነት ክንጠቕሶ ንኽእል። ኣብ ዝተፈላለየ ካልኦት ቦታታት'ውን ኣብነታት ከነምጽእ ንኽእል ኢና። ነዚ ከም ኣብነት ወሲድና እንተ ርኢናዮ፡ እዚ ሕጂ ዝኸይድ ዘሎ ህድማ ንቕድሚት - ካልእ ተንሸን ወይ ወጥሪ፡ ህውከት ክትፈጥር ኣለካ። ከተባርዕ ኣለካ። ክትሃድም ምእንቲ፡ ናይ ዘቤትካ ወይ ናይ ውሽጥኻ ሽግር ክትፈትሕ ስለ ዘይትኽእል ናብ ደገ ትኸይድ። እንታይ እዩ እቲ ናይ ኤርትራን ግብጺን ዝምድና? ከመይ ገይረን ግብጺን ኤርትራን ተሰማሚዐን ከምዚ ዓይነት ነገር ክገብራ ወሲነን? እዞም ተንተንቲ፡ ፈላጣት፡ ሊቃውንቲ ዝበሃሉ፡ 'ግብጺን ኤርትራን ኣጀንዳ ኣለወን' እናበሉ ዘምጽኡዎ ብዙሕ ኣሎ። ከም ናይ ወያነ ኣበሃህላ፡ ሚለንየም ዳምን ካልኦት ዝተፈላለዩ ፕሮጀክትታን እናኣልዓልካ፡ ግብጺ ንኢትዮጵያ ከተዳኽማ ስለእትደሊ፡ ንኤርትራ ከም ርእሲ ኲናት (spear head) ናይቲ ስትራተጂ ጌርካ ተቕርባ። 'ኤርትራ መጋበርያ እያ፡ ናይ ካልኦት ኣጀንዳታት እያ እተተግብር' እናበልካ ሓሶት ትነዝሕ።

ኣብዚ ከባቢ፡ ኣብ ሱዳን፡ ኣብ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ካልእ ቦታታት ከምዚ ዝኣመሰለ ሓሶታት ፍኹሰቱ ጥራይ ዘይኮነ፡ ናይ ኣዘራጋግሓኡ ኩነታት'ውን ዘገርም እዩ። ምኽንያቱ፡ ምስ'ዚ ሕጂ ዘሎ ናይ ቴክኖሎጂ ምዕባለ፡ ናይ ሚድያ ስፍሓትን ጻዕቂን፡ ሓሶት ፈኒኻ ከተእምን ትኽእል ኢኻ ዝብል ፍልስፍና ኣሎ። ኣብ ዝተፈላለየ ማዕከናት ዜና ብተደጋጋሚ ምስ ተጋውሐን ምስ ተዘርግሐን ከኣ ተእምን። እቲ ፓብሊክ ኦፒንየን ወይ ህዝባዊ ርእይቶ ትቐርጾ። ኣብ ወሰንቲ ዝበሃሉ ሓለፍቲ ወይ ትካላት ንመመኽነይታ ከም ምስምስ ክጥቀምሉ ይደልዩ ይኾኑ። ዋላ ኣሚኖሞ'ውን 'ምናልባት' ኢሎም ውሳነ ወሲዶም ናብ ገደል ይጸድፉ።

እዚ ኹሉ ዝተዛረብናሉ ምኽንያታቱ እንታይ እዩ? ከመይ ገይርካ ኢኻ ትዝርግሖ? ከመይከ ኣቢልካ ተእምን? ኣብ መወዳእታ ክትወቕዖ እትደሊ ዕላማኸ እንታይ እዩ - እዚ ዝጠቐስክዎ እዩ። ሰራዊት ናይ ወያነ ኣብ ከሰላ፡ ኣብ ደቡብ ከሰላ ተሰሊፉ እንታይ እዩ ክገብር? ኣብ መረዊ ኣብ ዝርከብ መደበር ሓይሊ-ኣየር ምንቅስቓሳት ናይ ወያነ ሓይሊ ኣየር ተራእዩዶ እንታይዶ በይዶ . . . ናይ ወያነ ጸወታ ተወዲኡ እዩ። ግዜ ክትዕድግ ትኽእል ኢኻ፡ ጽዑቕ ክንክን እውን ክቕጽል ይኽእል እዩ። ግን 25 ዓመታት ተበሊዑ፡ ኣኺሉ እዩ። ናይ ዓለም ኲነታት ይቀያየር ኣሎ። ኣብዚ ዞባ፡ ኣብዚ ጐደቦና ዘለዉ ኩነታት ይቀያየሩ ኣለዉ። ህድማ ንቕድሚት ወይ ህድማ ብመደብ፡ ንኣርእስትታት ክትዕብሉኽ ምፍታን፡ ንኣርእስትታት ካብ ማእዝኖም ከተውጽእ ምፍታን ኣይከኣልን እዩ። ነዚ ሕሱር ጸወታ'ዚ፡ ነዚ ሕሱር ሓሶት'ዚ እናኳዋሕካ ምቕጻል ኣይከኣልን እዩ። ዋላ ጥሩምባ ናይ ኣልጀዚራ ከምጽኦ ዝኽእል ለውጢ የለን። እቲ ንህዝቢ ኢትዮጵያ፡ ንህዝቢ ሱዳን፡ ንህዝቢ ግብጺ'ውን ክመሓላለፍ ዘለዎ መልእኽቲ፡ ይኣክል ዝበሃለሉ ግዜ እዩ ዝብል እዩ። ከምዚ ዝኣመሰለ ሓሶት መዓልቲ መዓልቲ እናፈብረኽካ ሰብ

ከተደንቁር፡ ናይ ሰብ ኣተሓሳስባ ናብ ካልእ ክትጥምዝዝ ምፍታን ግዜኡ ኣኺሉ እዩ። ንሕናኸ እንታይ ንገብርን ንሓስብን? ኣልጀዚራ ነቲ ወረ ካብ ዝዘርግሓትሉ ሰዓት ጀሚርና ኣይዘንጋዕናን። እቲ ጉዳይ መዓልቱ በሊዑ ክነፍስን ከም ሓርጭ ክውዳእን ምኺኡ ንኣምን።

እዚ ሕጂ መመሊሱ ከምዚ ተኾነ'ባ፡ ኖእ! ጾብ ተዓጽዩ፡ ጾብ ተኸፊቱ፡ ክንድዚ ዝኾና ላንጹኩረዘር ሓሊፈን፡ ክንድዚ ላንጹኩረዘር በዚ ከይደን፡ ከምዚ ዝጸዓና መካይን. . . ከምዚ ዝበለ ስእልታት ኣብ ጋዜጣታት ተውጽእ። እዚ ናይ ህዝቢ ሱዳን ረብሓ ዝውክል ኣይኮነን። ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ምስ ህዝቢ ሱዳን ዘራኽብ ጉዳይ የብሉን። ከምዚ ኣቐዲመ ዝጠቐስክዎ፡ ህውከት ፈጢርካ ነቲ ውህከት ንምምሕዳር ዝዓለመ ስለ ዝኹነ፡ ንቕሓ፡ ዓይንኹም ክፈቱ፡ ኣእዛንኩም ኮኩዕዎ፡ ጽቡቕ ገይርኩም ስምዑ፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ጸወታታት ኣብ ዞባና ክመጽእ የብሉን። ከምዚ ዝኣመሰለ ላግጫ ወይ ኣሸካዕላል ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ንዝኾነ ሰብ ከጋጊ የብሉን። ሰብ ንኸምዚ ዝኣመሰለ ሓሶት ረብሪቡሉ ስለዝኾነ፡ ዳርጋ ካልእ ስራሕ እንተናደኹም ይሕሸኩም ንብሎም። እቲ ን25 ዓመታት ዝፈጠርኩሞ ክሳራ ደው ኣብልዎ። እዞም ኣብ ሱዳን ዘለዉ ሰብ ፍሉይ ረብሓ ኸኣ፡ ናይ ብሓቂ ንወያነ ወይ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ፈትዮም ኣይኮኑን። 'ኤርትራን ኢትዮጵያን እንድሕሪ ተሳንየን፡ ኣብዚ ከባቢ ደቂስና ኣይንሓድርን ኢና' ዝብል ስግኣት ስለዘለዎም እዩ። ካብ ቅድሚ እዚ ሕጂ ዘሎ ስርዓት ኣትሒዙ ዝጸንሐ ኣተሓሳስባ እዩ። ድሕሪ 91 ኩነታት ምስ ተቐየረ፡ እቲ ኩነታት ኣብዚ ጉደቦ ዝሓሸ ዕድል ፈጢሩ ነይሩ። ኢትዮጵያን ኤርትራን ተሓጋጊዘን ኣብዚ ከባቢ ኣድማዒ፡ ኣወንታዊን ሃናጺን ኣበርክቶ ክገብራ እየን ኣብ ዝበሃለሉ ዝነበረ እዋን ዝፈጠሮ ስግኣት፡ ነዞም ናይ ማይኖሪቲ ዝብሎም ንህዝቢ ሱዳን ዘይውክሉ ምስ ወያነ ተመሻጢሮም ዝሰርሑ ዘለዉ ሰብ ፍሉይ ረብሓ፡ 'ይኣኽለኩም፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ኣብ መንጎ ህዝቢታት ኤርትራን ሱዳንን ህውከት ክትፈጥር፡ ናይ ጾብ ግጭት ክትፈጥር ዝግበር ህቃነታት ትርጉም ስለዘይብሉ፡ ኣእዳውኩም ኣክቡ ንብል። ንሕና ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኣሸካዕላል ኣይንዕደምን ኢና' ምባሎም እዩ እቲ ክመሓላለፍ ዘለዎ መልእኽቲ።

እዚ ኣርእስቲ እዚ፡ ምስ ናትና ዘቤታዊ ኩነታት እውን ኣዛሚድና ክንርእዮ ንኽእል ኢና። ምስ ጎረቤትና ብዛዕባ ዘለዉና ዝምድናታት ኣዛሚድና ክንርእዮ ዕድል ይኸፍተልና እዩ። ምስናይ ፍኹሰቱ፡ ምስናይ መበገሲኡ ዝድርኽ - ጭንቀት. . . እንታይ ማለት እዩ? ኣብ መንጎ ህዝብታት ኩናት ከተባርዕ፡ ህውከት ክትፈጥር'ሞ ንዕኡ ከተመሓድር ዝግበር ፈተነታት. . . ይኣኽለና። 25 ዓመት ናይ ብሓቂ ተኸሲሩ እዩ። ስለዚ፡ ካብ ክሳራና ህዝብታት ዝኸሰሩዎ ክሳራ ብዙሕ ተማሂርና ስለዝኾንና፡ 'ይኣኽለኩም' እየ ዝብል ኣነ። እቲ ጉዳይ 'ኖእ! ሓሶት እዩ፡ መሰረት የብሉን' ኢልካ ክትዛረብ ሲ . . . ናይ ልደት በዓል ኣብኡ እዩ ተባዒሉ ኣብ ሳዋ። እቲ መልእኽቲ መን'ዩ ወዲብዎ፡ ስለምንታይከ ከምኡ ጌሮሞ ዝፈልጦ የብለይን። ግን እቲ በዓል ክባዓል ክትርእዮ ከለኻ፡ እሞ ድማ ካብኡ ከምዚ

ዝኣመሰለ ዜና ተዘርጊሑ ክበሃል ከሎ፣ ናይ ብሓቂ መልሲ - ዝተወደበ ይኹን ዘይተወደበ መልሲ ኮይኑ እዩ ዝስመዓኒ እሞ፣ ጽቡቕ ስራሕ እዮም ሰሪሖም ዜና። ነቲ በዓል ኣብኡ ምክያዶም ጽቡቕ ነይሩ በሃላይ እየ።

**ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ፣ ቱርኪ ኣብ ርእሲ'ቲ ኣብ ሶማል ዘለዋ ወተሃደራዊ ህላው፣ ኣብ ሱዳን'ውን ወተሃደራዊ መዓስከር ክትድኩን መደብ ከምዘለዋ ብማዕከናት ዜና ተገሊጹ። ቀርኒ ኣፍሪቃ ብጂኦ-ፖለቲካዊ ስትራተጂ ዓበይቲ ሃገራትን ማእከላይ ምብራቕን ዝጽሎን ምስኡ ዝተኣሳሰርን እዩ ዝብሉ ትንታነታት እውን ስለዘለዉ፣ ብወገንና ነዚ ምዕባለታት'ዚ ከመይ ንርእዮ? ቅድሚ ሕጂ'ውን ብኸፊል ገሊጽካዮ ኢኻ'ሞ፣ ኣብ ዲናሚካዊ ዝምድና ናይዚ ከባቢታት'ዚ፣ መርገጺ ህዝቢ ኤርትራ እንታይ ይመስል?**

ኵሉ ግዜ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ጉዳያት ካብቲ መቓን ኣውጽእ ኣቢልካ ክትርእዮም ኣለካ። ኣብ ውሽጢ እቲ መቓን ኣቲኻ ክትርእዮ ክትክእል ኣለካ። ዝሑል ኲናት ምስ ተወድአ ኣብዘን ዝሓለፋ 25 ዓመታት እንኮ ቁጠባዊ ስርዓት ክፍጠር እዩ ምስ ተባህለ፣ ኣብዚ ዞባና ዝተራእዩ ምዕባለታት ኣለዉ። ሓደ ካብቲ ዘሕዝን ምዕባለታት ናይ ሶማልያ ኵነታት እዩ። ብዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ክግለጽ ጸኒሑ እዩ - ናይ ወጻኢ ፖሊሲታትና ዓምድታት ኣለዎ። ኣብ ምንታይ መረዳእታ'ዩ ዝምርኮስ እንተ ኢልካ፣ ኣብ ሓደ ጎደቦ ወይ ኣብ ሓደ ከባቢ ሃጓፋት ክፍጠር ከሎ፣ ናይ ዘይርግኣት ጠንቂ እቲ ሃጓፋት እዩ። ሃገራት ወይ መግስታት ናይተን ሃገራት ካብቲ ስእሊ ክወጻ ከለዋ ሃጓፍ ይፍጠር። እቲ ሃጓፍ ከኣ ጠንቂ ናይ ዘይምርግጋእ ይኸውን። ኣብ 1991 ወይ ናይ መወዳእታ 80ታት ዝሑል ኲናት ምስ ተወደአ፣ ኣብዚ ከባቢና ወይ ኣብዚ ጎደቦና እንብሎን ከባቢኡን እንታይ ተፈጢሩ? ካብ ኣፍጋኒስታን ምስ ናይ ሕብረት ሶቬት ነበር ምውዳቕ? ክንዝክሮ ንኽእል ኢና።

ናይ ኣፍጋኒስታን ካባና ኣዝዩ ርሑቕ ወይ ካብቲ ጎደቦና እንብሎ ወጻኢ እኳ እንተኾነ፣ ክሳብ እዚ ሰዓት'ዚ ሃጓፍ እዩ ዘሎ። ኣብ ኣፍጋኒስታን ዘሎ ኵነታት ዘይፈልጦ ሰብ የለን። ብኸመይ ተፈጢሩ፣ ስለምንታይ ተፈጢሩ፣ ስለምንታይ ሕጂ'ኸ ገና ይቕጽል ኣሎ - እንድሕር ኢልና፣ ኣብቲ ከባቢ ዘሎ ጽልዋ ክረኣየና ይኽእል እዩ። ናይ ዒራቕ ጸገም'ውን ሓደ ዓቢ ሃጓፍ እዩ። ብዛዕባ ዒራቕ ብዙሕ ክዝረብ ወይ ክትንተን ይከኣል ይኸውን። ግን ኣብ ዒራቕ ዘሎ ኵነታት - እዚ ናይ ትማሊ ናይ ዳዕሽ ደሚርካ ዝተፈላለዩ ናይ ግብረ- ሽበራ ተርእዮታት ምምጽኦም፣ ኣብቲ ከባቢ ፈጢርዎ ዘሎ ወጥሪ መወዳእታ የብሉን። ሸሞንተ ዓመታት ኲናት ኢራንን ዒራቕን፣ ሳዳም ንኩወይት ንምውራር ዝገበሮ ዕንደራን ሳዕቤናቱን፣ እዚ ኣቐዲመ ዝጠቐስክዎ በዓል ኮሊን ፓወል ዘበገሱዎ ወራር ኣብ ዒራቕ፣ ኣብኡ ዝወረደ ዕንወት ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ዒራቕ ዘሎ ሃጓፍ'ውን ቀሊል ነገር ኣይኮነን። ናይ

ሶርያ ጉዳይ ንርእዮ ኣለና። ኣብ ሊባኖስ ዘሎ ሃንፍ'ውን ከምኡ። ኣብ መወዳእታ ኩሉ ኣርእስትታት ኣምጺእካ ክርአ ይከኣል እዩ። እዚ ንናይ'ቲ ዞባ ኩነ ጎደቦ ወይ ናይቲ ከባቢ ዘይርግኣት እንታይ ጽልዋ ኣለዎ፡ ሓደ ብሓደ ደሚርካ ክርአ ይከኣል እዩ። ምናልባት ናይ ሊብያ ናይ ትማሊ እዩ ኢልና ክነልዕል ንኽእል ኢና። ቅድሚኡ ግን፡ ናይ ሶማልያ ምውጻእ ካብቲ ካርታ ኣሎ። ምስቲ ቀዲሙ ዝቐረበ ሕቶ ዝተኣሳሰር - ሓሶታት ፈብሪኽካ ውሳነ ናይ ምውሳድ፡ ኣብ 2009 ብመገዲ ባይቶ ጸጥታ እገዳ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ክብየን ከሎ፡ ቅድሚኡ ዝነፍስ ዝነበረ - 'ኤርትራ 2000 ወተሃደራት ንሶማልያ ሰዲዳ ኣላ፡ ኤርትራ ከምዚ ትገብር ኣላ፡ ' እናተባህለ ብዛዕባ ሶማል ብሰበ-ስልጣን ምምሕዳር ክሊንተንን ምምሕዳር ቡሽን ዝዝረብን ዝፍብረኽን ዝነበረ ሓሶታት፡ ካብ ዝኽርታትና ዝጠፍእ ኣይኮነን። ሶማልያ ኣካል ናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ እዩ። ኣዝዩ ስትራተጂያዊ ጂኦ-ፖለቲካዊ ኣገዳስነት ዘለዎ ሃገር እዩ። እቲ ህዝቢ ሕቡን፡ ኣብዚ ከባቢ ሓያልን ሃናጺን ኣበርክቶ ክገብር ዝኽእል እዩ። ሶማልያ ግን ዝሓለፈ ርብዒ ዘመን ኣብ ማፐ ኣይጸንሐትን፡ የላን። እዚ ሃንፍ'ዚ ዱኻ ወይ ድማ ፈርታይል መሬት ንሸበራ ኩይኑ። ንኹሉ ዓይነት ሸበራታት - ሸባብ ንበሎ ዘይሸባብ ማለት'ዩ።

ሶማልያ ተበታቲና ክትጠፍእ ኣለዋ። ናይ ወያነ ኣሸቀልቲን ወያነን መበገሲ ጌሮም ዝሰርሕሉ ናይ 25 ዓመታት ትራጀዲ'ዩ ክበሃል ይከኣል። ህዝቢ ሶማል ኣብ 1960 ናጽነቱ ምስ ረኸበ፡ ሰሜንን ደቡብን ተመቓቒሉ ናይ ጥልያን ሶማሊ ላንድ፡ ናይ እንግሊዝ ሶማሊ ላንድ ይበሃል ከምዘይነበረ ብወለንታኦም ሓድነት ፈጢሮም። ኣብ ኣፍሪቃ ድማ ፍሉይ ተርእዮ እዩ ነይሩ። ምናልባት ኪኖኡ - ናብ ኦጋዴን፡ ጅቡቲ፡ ሰሜን፡ ምብራቕ፡ ኬንያ ክኸዱ ሓሲቦም ነይሮም ክኾኑ ይኽእሉ። ግን ናይ ሶማልያ ሃገራውነትን ፓትሪዮቲዝምን ኣብ ጫፉ በጺሑ። ነዚ ከባቢና ኣብነት እዩ ነይሩ ኢልካ ክዝረበሉ ድማ ይከኣል። ሃገር ናይ ምህናጽ ጉዕዞ ንምፍላም ናይ መጀመርያ ሓድነት ምስ ተፈጸመ ዝወሰድዎ ስጉምቲ፡ ቀቢላነት ናይ ምቕባር እዩ ነይሩ። ከም ሓደ ሲምቦሊክ ዝኾነ ትእምርታዊ ስጉምቲ ድማ ተራእዩ። ሶማልያ ሓንቲ ካብተን ዝሓየላ ናይዚ ጎደቦና ሃገራት እያ ነይራ። ነዛ ሃገር እዚኣ ኣድኪምካ ፋሕ-ፋሕ ከተብላ ምእንቲ፡ መሳፍንቲ ኲናት ተፈጢሮም። እታ ድኻም እያ ዝብልዋ ናይ ህዝቢ ሶማልያ ማለት፡ ናይ ቀቢላነትን እንዳነትን ጉዳይ ኣምጺእካ ነቲ ሕብረተ-ሰብ ንቑልቁል ተተፋንዋ ወይ ቨርቲካል ፖላራይዘሽን ጌርካ ነንሓድሕዱ ተዋግኡ። ወከልቲ ናይ ቀቢላታት፡ ናይ እንዳታት ኢና ዝብሉ መሳፍንቲ ኲናት ኣብ ላዕሊ ትፈጥር። ኣብ ነንሕድሕዶም ድማ ኲናት ተምጽእ። ብድሕሪኡ ሶማል ካብዚ ካርታ ክትጠፍእ ኣለዋ። ምኽንያቱ፡ ብናይ 2002 ሰነዳት ሃገራዊ ድሕነት ኣመሪካ ወይ

‘ናሽናል ሰኪዩሪቲ ስትራተጂ’ ዝብሉዎ፡ ኣንከራት ወይ መልሕቓት ክህልዋ ኣለወን። እዚ ማለት፡ ኢትዮጵያ ኣብዚ ከባቢ ቀርኒ ኣፍሪቃ መልሕቕ ወይ ፖሊስ ክትከውን ኣለዋ። ጎብለል ትኸውን’ሞ ነተን ካልኦት ከኣ ተመሓድረን ዝዓይነቱ እዩ። ምስቲ ዝተባህለ ምምጻእ እንኮ ቁጠባዊ ዓለማዊ ስርዓት፡ ሶማል ከም ታርጌት ተወሲዱ ማለት እዩ። እተን ኣብዚ ከባቢ ዘለዋ ሰነፍ ስርዓታት ንገዛእ-ርእሰን፡ ናይ ወያነ ብቐንጃ ከምኡ። ኣብ ኬንያን ጅቡቲን ዘሎ ኵነታት እውን ምስኡ’ዩ ዝርአ። እቶም ገዛእቲ ሓይልታት፡ ‘ናይ ሶማልያ ህላወ ንሃገራዊ ድሕነትና ስግኣት እዩ፡’ ዝብል ፐርሰፕሽን ስለዝፈጠሩ ማለት እዩ። ነቲ ብደገ ዝመጸ ኣጀንዳ ኣብዚ ከባቢ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብውክልና ዘሳሲ ወያነ ወይ ናይ ኣሽቀልቱ ኣጀንዳ ዘተግብር ስርዓት ክፍጠር እዩ ተባሂሉ። ናይ ኤርትራ ክንዛረብ ንኽእል ኢና። ቅድሚ ብዛዕባ ነብስና ምዝራብና ግን እቲ ኣርእስቲ ናይ ሶማልያ ስለዝኾነ ኣብኡ ክንቅጽል። ሶማል ኣብ ውሽጢ’ዚ 25 ዓመታት ልኡላውነቱ ተበሪዙ ሓድነት ወይ ውህደት ዝበሃል ከም ዝጠፍአ ኮይኑ። ነንሓድሕዱ ከምዝናቖት ተገይሩ። እቲ ዝሓየለ ወተሃደራዊ ትካል ዝነበሮ፡ ሎሚ ንሽባብ ድዩ ንቐርሰንቲ ክምክት ዝኽእል ዝነበረ ናይ ጸጥታን ናይ ምክልኻልን ትካላት ከምዝዓኑ ተገይሩ። ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ እቲ ዝሓየለ ሓይሊ ኣየር ናይ ሶማል እዩ ነይሩ። ሎሚ ግን ከምዘየለ ኮይኑ። በቃ ሶማል ዝበሃል ጠፊኡ። ኣብ ግዜ ዘያድ ዝነበረሉ ወይ ኣብ መወዳእታ ናይ ዘያድ ቀጻሊ ኢትሓድ ነይሩ። እዚ ብስም እስላም ዝገበር ናይ ጥሩፍነት ወይ ናይ ሽበራ ስርዓት መጋበርያ እዩ ነይሩ።

ምስምስ ማለት’ዩ። ንሶማልያ ካብ ካርታ ከተውጽኣ እንተ ኮይንካ፡ መመኽነይታ ክህልወካ ኣለዎ። ናይ ወያነ ወራር፡ ብዘይ ፍቓድን ብዘይ ዝኾነ ውክልና ናይ ባይቶ ጸጥታ ይኹን ካልእ ብኣሽቀልቲ ወያነ ዝተዋህበ ትእዛዝ ዝተፈጸመ እዩ። እቶም ሰለስተ ተኸታተልቲ ምምሕዳራት - ካብ ክሊንተን ናብ ቡሽ ካብኡ ናብ ኦባማ፡ ነዚ እምነት’ዚ የስተማቕርዎ ስለዝነበሩ፡ ኣሽቀልቶም ወይ እቶም ሽቀልቶም ከኣ ንዕኡ ዘተግብር መደባት ስለዝነበሮም፡ ነዚ ናይ ሶማል ምስራዝ ወይ ድማ ካብ ካርታ ምድምሳስ መመኽነይታ ክህልዎ ነይርዎ። እዚ ሕጂ ሽባብ ኢሎም እናኻዕ ዝዛረቡሉ . . . ሽባብ መን ይድግፎ፡ መን ገንዘብ ይህቦ፡ መን’ዩ ናይ ሎጅስቲክስ ደገፍ ዝገብረሉ ኢልና ብዙሕ ክንዛረብ ንኽእል ኢና። ግን እዚ ሕጂ ናይ ቱርኪ ምትእትታው ኣብ ሶማልያ ዝበሃል ዘሎ ንምንታይ ኣድለየ? ብኣበሃህላ ናይ ቱርኪ፡ ንሽበራ ኣብ ገደናኡ ኬድና ኢና ንዋገአ ዝዓይነቱ ማለት እዩ። ስለዚ ሽባብን ካልኦት ምስኡ ዝተኣሳሰሩ ናይ ሽበራ ውድባትን እንድሕር ኣለዉ ኮይኖም፡ ንዓኦም

ክትዋጋእ ኢልካ ኢኻ ናብ ሶማልያ ትኸይድ ዘለኻ ማለት ድዩ? ከምዚ ዝኣመሰለ ኣሸካዕላል ዓይኒ መን ክደፍን ይኽእል?

**ክቡር ፕረዚደንት፣ ቱርኪ ኣብ ርእሲ'ቲ ኣብ ሶማል ዘለዋ ወተሃደራዊ ህላወ፣ ኣብ ሱዳን'ውን ወተሃደራዊ መዓስከር ክትድኩን መደብ ከምዘለዋ ብማዕከናት ዜና ተገሊጹ ነይሩ። ቀርኒ ኣፍሪቃ ብጂኦ-ፖለቲካዊ ስትራተጂ ዓበይቲ ሃገራትን ማእከላይ ምብራቕን ዝጽሎን ምስሉ ዝተኣሳሰርን እዩ ዝብሉ ትንታነታት እውን ስለዘለዉ፣ ብወገንና ነዚ ምዕባለታት'ዚ ከመይ ኢና ንርእዮ? ኣብ ዲናሚካዊ ዝምድና ናይዚ ከባቢታት'ዚ፣ መርገጺ ህዝቢ ኤርትራ እንታይ ይመስል? . . . . ናይ ዝብል ኣብ ናይ ትማሊ ሕታም ዝቐረበ ሕቶ መቐጸልታ**

ሶማልያ ከም ብሓድሽ ክህነጽ ወይ ሪኮንስቲትዩት ክኸውን ክኽእል ኣለዎ። ሶማልያ ንምብትታን፣ ካብ ካርታ ንምጥፋእ. . . ዝግበር ኣጀንዳታት ብምሉኡ ኣብዚ ከባቢ ሳዕቤናት ኣለዎ። ሳዕቤናቱ ከኣ ዘይርግኣት ናይዚ ከባቢ እዩ ዝኸውን። ንሶማልያ በታቲንካ፣ ብቀቢላታትን እንዳታትን ፋሕፋሕ ኣቢልካ ናይ መሳፍንቲ ቦታ ኩናት ወይ ጫካ ከምእትኸውን ብምግባር፣ ትካላትን ቁጠባን ኣዕኒኻ ንሸባብ ክዋጋእ እየ እንተደኣ ትብል ኣሎኻ - ዓቢ ጌጋ እዩ። ልዕሊ ሶማላውያን ነቲ ስራሕ ክሰርሖ ዝኽእል የለን። ሶማል ናብ ንቡር ተመሊሱ፣ ናቱ መንግስቲ ሃኒጹ ናቱ ትካላት መስሪቱን ኣደልዲሉን ጥራይ እዩ ነዚ ክዋግእ ዝኽእል። ኣብ ከባቢ ቀርኒ ኣፍሪቃ ክመጽእ ኣብ ዝኽእል ርግኣት ኣበርክቶ ክህሉዎ እንድሕር ኮይኑ፣ ሶማላውያን ክብረቶምን ሃገሮምን ልኡላውነቶምን ኣረጋጊጾም፣ ትካላቶም ፈጢሮም ክቃወምዎ ጥራይ'ዩ ዘለዎም። ብመተካእታ ናይ ህዝብን መንግስትን ሶማል ዝመጸ ይምጻእ. . . ወያነ ናብኡ ኣትያ እንታይ ገይራ? ሸባብ ኣጥፊኣ? ንመን ተዋጊኣ ኣጽርያቶ? ናይ ሓድነት ኣፍሪቃ ሰራዊት ኣብኡ ኣሎ ካብ ዝበሃል ጥራይ ክንሰምዕ ኣእዛንና ጸሚምና። ንሸባብ ኣጥፊኦሞ? ርግኣት ናይዚ ከባቢ ንዝዘርግ ተቓውሞ ደቒሶሞ? ኣብኡ ዘይኣተዋ ሃገራት የለዋን - ጅቡቲ ኣትያ፣ ኡጋንዳ ኣትያ፣ ኬንያ'ውን ኣትያ።
እቲ ዋና ነገር፣ እቲ ጸወታ ንዘይፈልጥ ይፈልጥ ክመስሎ ይኽእል ይኸውን። ብቐንዱ እቲ ኩነታት ከምዘለዎ ክቕጽል ክኽእል ኣለዎ። ግዜ እናበልዐ ምስ ከደ መጺኡ ኣብ ክዕረየሉ ዘይክእል ደረጃ ይብጻሕ እሞ፣ ድሕሪኡ ነቲ ቅልውላው፣ ነቲ ህውከት ከም ድላይካ ጌርካ ከተመሓድሮ ትኽእል ኢኻ'ዩ እቲ ብግብሪ ንርእዮ ዘለና። 'ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ሶማልያ ግብረሽበራ ኣሎ፣ ህውከት ኣሎ፣ ሶማልያ ጠንቂ ናይ ዘይርግኣት እያ፣' ኢሎም ዝዛረቡ፣ እቶም ንዕኡ ዝፈጥርዎ ዘለዉ እዮም። ቀዳሞት ተሓተትቲ ድማ ንሳቶም እዮም። እቲ ጉዳይ ናታቶም ናይ ህዝቢን መንግስቲን ሶማል እዩ። ሶማላውያን እንተ ደልዮም ብኮንፈደረሽን ወይ ብፈደረሽን መንግስቲ ክህልዎም ናታቶም ጉዳይ ወይ ምርጫ እዩ። ህዝቢ ሶማል መንግስቲ እንተ ሃልዩዎ፣ ኣብ ቀርሰና ይኹን ኣብ ሽበራ፣ ኣብ ዝተፈላለየ ነዚ ከባቢ ጠንቂ ዘይርግኣት ዝኸውን ዘሎ ጽልዋታት፣ ኣብ ናይ ህንዳዊ ውቅያኖስ፣ ኣብ ናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብኣጠቓላሊ፣ ኣብ ናይ ወሽመጥ ዓደን፣ ኣብዚ ኣብ የመን ንርእዮ ዘለና

ህውከት፡ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ብኣጠቓላሊ ዘሎ ህውከት ናይ ብሓቂ ኣበርክቶ ክገብር ይኽእል እዩ። ንህዝቢ ሶማል ብዝተፈላለየ ምኽንያታት በታቲንካ ንምድኻሙ ዝግበር - እቲ ቀሊል ምኽንያት ግብረ ሽበራ እዩ።

ቱርኪ እንታይ ክትገብር መጺኣ ናብኡ? ናይ ብሓቂ የዋህ ወይ ዘይፈልጥ ሓታታይ ብዙሕ ክሓትት ይኽእል እዩ። ዘይፈልጥ ክዛረብ ይኽእል እዩ። ኣብዚ ከባቢ ኣለና ካብ ዝብሉ ጎብለላት ወይ ጎብለላት ክንከውን ኢና ካብ ዝብሉ ሓይልታት ሓደ ቱርኪ እዩ። ሓንሳብ ናብ ኤውሮጳዊ ሕብረት ኣትዩ ዓቢ ቦታ ክሕዝ ይደሊ፡ ኣባል ናይ ኔቶ ምዃኑ ከኣ ሓደ ዓቢ ካርታ ኣለዎ። እቲ ስርዓት ናይ ሙስሊም ብራዘር ሁድ ካርታ ሒዙ እዩ ክንቀሳቐስ ዝደሊ ኣብዚ ከባቢ። ኣቐዲሙ ናይ ግብጺ ተጠቒሱ ነይሩ - ‘ኣብዚ ከባቢ ግብጺ ክትህሉ የብላን፡ ግብጺ ከም ዞባዊ ሓይሊ ክትህሉ የብላን’ ካብ ዝብሉ ሓደ፡ ናይ ቱርኪ ተኸታተልቲ ስርዓታት እዮም። እዚ ሕጂ ምስምስ ናይ ሶማልያ ምትእትታው ዝበሃል ዘሎ፡ ብቐንዱ ናብ ደቡባዊ ጫፍ ናይቲ ዞባ ከይድካ ኣብኡ ነቲ ኩነታት ከምዘለዎ ኢኻ ትሕዞ። ጽልዋኻ ከኣ ተዕቢ ማለት እዩ። ምስ ወያነ፡ ምስ ኣብ ሱዳን ዘሎ ስርዓት፡ ምስ ዝተፈላለየ ቱርኪ ክገብሮ ዝደሊ ዘሎ - እንታይ እዩ ዕላማታቱ? ኣብ ሶማል ዘሎ ሽበራ ዝዓለመ ድዩ ወይስ ንህዝቢ ሶማል ምትካእ? እንታይ ክትገብር ኢኻ ኣብኡ ኣቲኻ? ብናይ መን ውክልና? ኣብኡ ናይ ሓድነት ኣፍሪቃ፡ ናይ ዩኤን ህላወታት ኣሎ ኢልና. . . ንሱ ካልእ ኣርእስቲ እዩ። ብኸመይ መንገዲ ቱርኪ ኣብ ሶማልያ ሰራዊት ከተሰፍር ትኽእል? ምስቲ ኣብ መቓድሾ ዘሎ መንግስቲ ተሰማሚዕና ኢና ክበሃል ይከኣል እዩ። እዚ እውን ዓበይቲ ሕቶታት ዘለዓዕል እዩ። ኣብዚ ከባቢ ቱርኪ ይኹን ካልኦት ጎብለላት ናይዚ ዞባ ኢና ክብላ ዝደልያ ወይ ክኾና ዝደልያ ሃገራት፡ ነዚ ኣብ ርብዒ ዘመን ዝተፈጥረ ሕልኽላኽን ህውከትን ከጋድዳ እንተ ዘይኰይነን፡ ንዕኡ ዝፈትሕ የለን። ኣብ ሶማልያ ድዩ ኣብ ደቡብ ሱዳን ዘሎ ኩነታት፡ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ፡ ንገዛእ-ርእሱ ኣብ የመን ንርእዮ ዘለና ኩነታት፡ ኣብ ካልእ ዝተፈላለየ ከባቢታት ሰሚን ካብ ኣፍጋኒስታን ጀሚርካ ናብ ዒራቕ፡ ናብ ሲርያን ሊባኖስን ዘሎ ኩነታት፡ ንዕምሪ ናይ ከምዚ ዝኣመሰለ ህውከት ከምዝነውሕ፡ መመሊሱ ከምዝተሓላለኽ ክገብሮ ንርእዮ ኣለና። ስቅያትን ነውጺን መመሊሱ ከምዝዛይድ ንምግባር፡ ኣብ ደገ ዘሎ ዝተፈላለየ ኣጀንዳታት ወይ ብደገ ካብ ርሑቕ ዝመጽእ ኣጀንዳታት 1.2.3. . . ኢልና ክንጽብጽቦ ንኽእል ኢና። ብዘይካ እቲ ዘቤታዊ ጸገማት ናይዘን ሃገራት እዚኣተን፡ እዚ ብዞባውያን ጎብለላት ኢና ዝብሉ ዝተሓላለኽ ዘሎ ሽግራት፡ ንገዛእ-ርእሱ እዚ ናይ ቱርኪ ሓደ ካብኡ ኣብነት እዩ። ነዚ ክጥቀማሉ ዝደልያ ዘለዋ ዓለማውያን ኢና ዝብላ ናይ ደገ ሓይልታት እውን ዘተኣታትወኦ ዘለዋ. . . ኩለን ኣስማተን ክንጠቕሰን ንኽእል ኢኻ።
ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ፖሊሲና ዘይቅየር እዩ። ንናትና ስምዒታዊ ኣረኣእያ ዘይኮነ፡ ህዝቢ ሶማል ቀሲኑ ክሓድር እንድሕር ኮይኑ፡ ካብ ጥሜትን ድኽነትን ወጺኡ ናብ ልምዓት ክኣቱ እንድሕር ኮይኑ፡ ቅድም ቀዳድም ወናኒ ናጽነቱን ልኡላውነቱን ክኸውን ክኽእል ኣለዎ። ናቱ ናይ ገዛእ-ርእሱ መንግስቲ ክህልዎ ክኽእል ኣለዎ።

ኣብ መወዳእታ ከኣ ናቱ ትካላት ናይ ጸጥታ ክፈጥር ክኽእል ኣለዎ። 'ንዕኡ ተኪእና ንሶማል ከነመሓድሮ ንኽእል ኢና፡ ናይ ሶማል ጸጥታ ክነኽብር ንኽእል ኢና፡ ነታ ሃገር ልምዓት ክነምጽኣሉ ንኽእል ኢና፡' ዝብል ናይ ፖለቲካ ትንታነታት ዘይኮነ፡ 'ዝሓለፈ 25 ዓመታት እንታይ ኢና ርኢና? ሕጂኸ ነዚ ናይ ቱርኪ ኣብኡ ምእታው እንታይ ትብልዎ?' ኢልካ ንዝኾነ የዋህ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ጸገማት ምናልባት ምስ ካልኦት ዓበይቲ ኣርእስትታት ክዝረበሉ ይከኣል ይኸውን። እቲ ኣገዳሲ ኣርእስቲ፡ ናይ ሶማልን ኩነት ናይ ሶማልን ኣብ ዝሓለፈ 25 ዓመታት እዩ። ሶማልያ ናበይ? ሶማልያ ናይ ብሓቂ ኣካል ናይዚ ጎደቦ'ዚ ኮይኑ ሃናጺ ኣበርክቶ ክገብር እንድሕር ኮይኑ፡ ናጽነቱ ክወሓሰሉ ክኽእል ኣለዎ። ሓገዝ ክገብር ዝደለየ ክሕግዝ ይኽእል እዩ - ጸገም የለን። ቅድም ቀዳድም ግን እዚ ምስምስ እናኣጋዋሕካ - ሸበራ ኣሎ፡ ኣልቃዒዳ ኣላ፡ ሸባብ ኣሎ፡ ካልኦት ዝተፈላለዩ ናይ ቀርሰና ሓይሊታት ኣለዉ፡ ንዓኣቶም ክነጥፍእ ምእንቲ ኢና. . . ኣብ ገማግም ናይ ሶማልያ ዘሎ ሓይልታት ባሕሪ መወዳእታ የብሉን።

'ቀርሰና ክንዋጋእ ኢና፡' እናበልካ ተመኺኒ። ኣብዚ ከባቢ ዝተፈላለዩ ህላወታት ናይ ነንበይኖም ሓያላን ዝበሃሉ ዞባውያን ይኹኑ ዓለማውያን ኣራግጽ እዩ ዘሎ - ስታምፒት። እዚ ከባቢ'ዚ ሰላም ክረክብ እንድሕር ኮይኑ፡ ህዝብታት እዚ ከባቢ ቅድም ቀዳድም እንታይ ክገብር ኣለዎ? እንታይ ይሕሸና እንታይ የዋጽኣና? ብዓቕምና ንገብሮ ንገብር፡ ዓቕምና ዘየፍቅደልና እንተኾይኑ ወይ ዝተሓጋገዙና እንተደሊና ከኣ ሓቢርና ኑቶም ዝሕግዙና ሓግዙና ክንብል ንኽእል። እንተዘየለ፡ ብወከልቲ ወይ ብእተሸቅሎም ሓይልታት ጌርካ ነዚ ከባቢ ክትቈጻጸር ምፍታን፡ ውጽኢቱ እዚ ን25 ዓመታት ዝረኣናዮ ኣዝዩ ኣሰቃቒ ኩነታት ናይ ሶማልያ እዩ። እቶም ካልኦት ኣቐዲምና ዝተዛረብናሎም - ናይ ግብጺ ኣብ ሳዋ ኣሎ፡ ናይ ወያነ ጥፍሽናን ናይ መወዳእታ መድረኽ ምዕባለ ኣብ ኢትዮጵያን ኢና ንርእዮ። ህዝቢ ሶማል ካብ 19ን 20ን ክፍለ ዘመን፡ ክሳብ'ዚ ሕጂ ኣቲናዮ ዘለና 21 ክፍለ ዘመን፡ ከም ወሳኒ ኣካል ናይዚ ጎደቦ ሓላፍነቱ ባዕሉ ተሰኪሙ ክዋሳእ ክኽእል ኣለዎ። ቱርኪ ኣብኡ ክትገብሮ ትኽእል ነገር የለን። ናይ ቱርኪ ኣድላይነት የለን። ናይ ወያነ ርኢና፡ ናይ ካልኦት ዝተፈላለዩ ሓይልታት - ናይ ኣፍሪቃን ናይ ዓለምን ዝበሃሉ ሓይልታት ኣብኡ ዘለዉ እውን እንታይ ጌሮም? እንታይ እዮም ክገብሩ? ምናልባሽ ኬንያን ወያነን ጅቡትን እቲ ኩነታት ከም ዘለዎ ክቕጽለሎም ብዙሕ መኽሰባት ክረኣዮም ይኽእል ይኸውን። ብዋጋ ናይ መን? ብዋጋ ናይ ህዝቢ ሶማልያ ክፍቀድ ኣይግባእን። ሕቡራት ሃገራት እንድሕር ሃልዩ፡ ባይቶ ጸጥታ እንድሕር ሃልዩ ከኣ፡ ነዞም ኣብ ውሽጢ'ዚ 25 ዓመታት ካብ ዝተራእዩ ሃንፋትን ንዘይርግኣት ናይዚ ከባቢ ጠንቂ ዝኾኑ ዘለዉ ናይ ሶማልያ ጉዳያትን፡ ሓቀኛ ፍታሕ ክግበረሉ ኣለዎ ኢሉ ንኹሎም ኣብኡ ዝሕንክሩ ዘለዉ ኣእዳዎም ክእክቡ ክነግር ክኽእል ኣለዎ። ንሕና እውን ካልእ ጻውዒት የብልናን ብዘይካ'ዚ።

ክቡር ፕረዚደንት፡ ቱርኪ ኣብ ሱዳን ወተሃደራዊ መዓስከር ክትድኩን ትደሊ ከምዘላ ወይ መደብ ከም ዘለዋ እዩ ዝግለጽ ዘሎ'ሞ ኣናብባኻ እንታይ እዩ።
- ቀዳማይ ነገር ሓቂ ድዩ ኣይሓቅን ኣረጋጊጽና ክንዛረበሉ ዘለና እዩ። መንግስቲ ሱዳን፡ ከም ዝኾነት ሃገር ምስ ቱርኪ ድላዩ ልኡላዊ ዝምድና ክምስርት ይኽእል እዩ። ወተሃደራዊ መደበራት ከፍቅድ እንተደልዩ እውን ከፍቅድ ይኽእል እዩ። ኣብ መወዳእታ ግን ንምንታይ ኣብ ሰዋኪን ዝብል ሕቶ እዩ ዝመጽእ። ናይ ግዜ ተዛማድነቱ ቀሊል ክመስል ይኽእል ይኸውን። ኣብ መወዳእታ ግን ምስፍሕፋሕ ማለት እዩ። ጕብለላት ኢና ወይ ጕብለላት ክንከውን ኢና ዝብላ ሃገራት፡ መብዛሕትኡ ግዜ ብናታተን ባዕላዊ ወይ ዘቤታዊ ዓቕሚ ኣይኰናን ዝኸዳ። ከምቲ ኣቐዲመ ዝበልኩዎ - ካርታታት ሒዘን፡ ምስ'ቶም ሓያላን ዝበሃሉ ናይ ዓለም ሓይልታት ተሰማሚዐን ጽልዋአን ከስፍሓ ካብ ዝፍትና ሓንቲ ቱርኪ እያ። እዚ ናይ ሶማልያ ኣዝዩ ዶብ ዝጠሓሰ እዩ ክንብሎ ንኽእል። ምኽንያቱ ጂኦግራፍያዊ ርሕቀት ኣብ ግምት ኣእቲኻ፡ ንቱርኪ ብምንታይ ክትንክፋ ይኽእል? ምናልባሽ ኣብ ዒራቕን ሶርያን ዘሎ ኩነታት ብቐጥታ ናይ ኩርዲስታን ጉዳይ ስለ ዘሎ፡ ንሃገራዊ ድሕነት ናይ ቱርኪ ይትንክፍ እዩ'ሞ፡ ኣብ'ዚ ይኣቱ ኣለኹ ክበሃል ይከኣል። ኰይኑ ግን ቱርኪ ኣብ ሶማል ዘእቱ እንታይ ምኽንያት ኣለዋ? ኩርዲ ኣለዉ ድዮም ኣብ ሶማልያ? ንምንታይከ ኣብ ሱዳን፡ ሊብያ፡ ኢትዮጵያ ክትተኣታቶ ትደሊ? ኣነ ኣብኡ ክኣቱ ኣይደልን እየ።

ግን እንታይ እዩ እቲ ዕላማ? ብዙሓት ፈላስፋታት ኣለዉ። ግዝኣት ቱርኪ ወይ ኦቶማን ኢምፓየር ዝበሃል ንምምላስ እዩ ዝብሉ። እዚ ናይ ህጻናት ትንታነ እየ ዝብሎ። ኣብ'ዚ ሕጂ ዘለናዮ 21 ክፍለ- ዘመን፡ ስለምንታይ ኣብ ሶማል ኣብ ሱዳን ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ወተሃደራዊ ህላወአ ከተጋፍሖ ትደሊ። ምስ ሱዳን ብልክዕ ዝተገብረ ስምምዓት እንታይ እዩ? ብጀካ እቲ ኣብ ዜና ዝተቓልሐ ናይ ብሓቂ ወተሃደራዊ መደበር ኣብ ሰዋኪን ናይ ምምስራት ዕላማ ስለዘሎ ድዩ? ናይ ቀይሕ ባሕሪ ተኣፋፍነት ኣብ ግምት ብምእታውን ካልኦት ዝተፈላለዩ ምዕባለታትን ከም'ዚ ዝኣመሰለ ህላወ ከመይ ገይርካ ከተተኣሳስሮ ትኽእል? ትንታነታት ገዲፍካ ኣብ ጭብጥታት ክትዛረብ ምእንቲ፡ ትሕዝቶ ናይ'ቲ ስምምዕ ምስ ግዜ ከኣ ክንርእዮ እንዲና፡ በዚ ሕጂ ዘለኒ መረዳእታ ግን፡ ካብ ናይ ህዝባዊ ርክባት (PR) ሃልኪ ዝወጽእ እዩ ኣይብልን። ኪኖኡ ዝኸይድ እንተኾይኑ ግን ናይ ብሓቂ ዓበይቲ ምልክት ሕቶታት ዘለዓዕል እዩ። ግብጺን ሱዳንን ስለ ዘይተቓደዉ፡ ቱርኪ ኣብ ጐድኒ ሱዳን ኰይና ናብ ግብጺ እንታይ መልእኽቲ ከተመሓላልፍ ትደሊ ኣላ? ናይ ተንተንቲ ብዙሕ ዘረባ ክትሰምዕ ትኽእል ኢኻ። ሓደ ሲናርዮ ወሲድካ፡ ቱርኪ ኣብ ሰዋኪን ገጂፍ ወተሃደራዊ መደበር መስሪታ ኣብ ዝበሃለሉ ግዜ፡ ናይ'ቲ ኣብኡ ዝሰፍር ሰራዊት ተልእኾ እንታይ እዩ? ቀይሕ ባሕሪን ርግኣት ናይ ቀይሕ ባሕሪን ንምውሓስ ናይ'ዚ ከባቢ ህዝብታት ተሳንዮም ብሓንሳብ ንሓባራዊ ድሕነቶም ክተሓጋገዙ ምእንቲ እሞ ኣበርክቶ ክትገብር ድያ?. . . እቲ ዕላማታት ሓደ ብሓደ ክፍለጥ ክኽእል ኣለዎ። ሕጂ ንግዜ ቀዲምካ ተሃዊኽካ ክዝረብ ዝከኣል ኣይኰነን።

ግን ከኣ ቅቡል ኣይኮነን። ዋላ ንናይ ህዝባዊ ርክባት ዕላማታት ተባሂሉ ይግበር፣ ንኸም'ዚ ዝኣመሰለ ህላወ ዘመኽኒ ኣይኮነን።

ምናልባት ብዛዕባ ናይ ቱርኪ ጥራይ ኢና ንዛረብ ዘለና። ምስ መን ኣበየናይ ከባቢ እንታይ ትገብር ኣላ ጭብጥታትን ብዙሕ ሓበሬታታትን ኣለዉ። ኣዛሚድካ እንተ ተራእዩ፣ ናይ ብሓቂ ስምብራት ናይ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ውሳነታት ንሓዋሩ እንታይ ክኸውን ከም ዝኽእል ብዙሕ ዘረባታት ክዝረብ ይከኣል እዩ። ኣብ ናትና ተመኩሮ፣ ዓሰብ፣ ባጽዕ፣ ዳህላክን ዝተፈላለዩ ከባቢታትን ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ዘለዉ ዝተፈላለዩ ምንቅስቓሳት፣ ንናይ ሓባር ረብሓታት ናይ ሓባር ስግኣታት ብቐንዱ ከኣ ናይ'ዚ ጎደቦ ዝተፈላለዩ ሓይልታት ተሓጋጊዞም ሰላምን ርግኣትን ከምጽኡ ዝተሰማምዑሉ ነገር፣ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ምልክት ሕቶ እውን ኣይተቐምጠሉን ኢኻ። ብተደጋጋሚ፣ ኣብ ዳህላክ እስራኤልን ኢራንን ኣለዋ፣ ኣብ ሶይራ ናይ እስራኤል ገጽፍ ናይ ሳይቬርላንስ መደበር ኣሎ፣ ንኸም'ዚ ዕላማታት ዝቐውም እዩ. . . ዝብሉን ከም'ዚኦም ዝኣመሰሉን ንፕሮፓጋንዳዊ ሃልኪ ዝዝርግሑ ባሉናት ናበይ ገጽካ ንምብጻሕ እዩ? እዚኣቶም ትመሃረሎም ኢኻ ግን ዝተፈብረኹ ሓሶታት እዮም። እቶም በሃልቱ እንታይ መልእኽቲ እዮም ከመሓላልፉ ዝደልዩ ዘለዉ? ባብ-ኤልመንደብ፣ ሰዊስ፣ ቀይሕ ባሕሪ ከም ኣህጉራዊ መንገዲ ማያት እንታይ እዩ ኣገዳስነቶም? ኣብኡ መጺኡ ክሕንክር ዝደሊ ስለምንታይ? ሰላምን ርግኣትን ናይ'ዚ ከባቢ ክትዘርግ ትደሊ? ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ገጃፍ ስእሊ፣ ብሓቂ ቱርኪ ተሰማሚዓ ኣብ ሰዋኪን ክትሰፍር ደልያ እንተኾይና፣ ተንተንቲ፣ ሊቃውንቲ፣ ፈላጣት፣ ተመራመርቲ ዝበሃሉ ዝዛረብዎ ዘረባ ብዙሕ እዩ።

ስለ'ዚ፣ ኣብ ባህልና ስለዘየለ ቅድም ቀዳድም ጭብጥታት ክንእክብ ኣለና። እቲ ጭብጥታት ጥራይ ዘይኩነ ከኣ፣ ናይ ብሓቂ ናይ'ቶም ከም'ዚ ዝኣመሰለ ስጉምትታት ዝወሰዱ ዘለዉ ሓይልታት እንተላይ ናይ ቱርኪ ዕላማታት ክፍለጥ ኣለዎ። ነቲ ናይ ገዛእ-ርእስና ሃገራዊ ድሕነትን ንሉኣላዊነትን ጥራይ ዘይኩነ፣ ንናይ ሕጂን ጽባሕን ድሕሪ ጽባሕን ሓባራዊ ረብሓታትና ብኸመይ ይትንከፎ? ኣብ 25 ዓመታት ብዙሕ ነገር ኢና ተማሂርና። ኣብ'ዚ ከባቢ ከምኡ ዝኣመሰለ ነገር ክድገም ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ዝኾነ ሰብ ክቕበሎ ኣይክእልን እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ክቕበሎ ኣይክእልን እዩ። ስለ'ዚ፣ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ምዕባለታት ክንርኢ ከለና ተሃዊኽና ናብ መደምደምታ ቅድሚ ምዝላልና ብጽቡቕ ክንከታተሎም ኣለና። እዚ ዝቐነየ ብዛዕባ ሳዋ፣ 'ናይ ቱርኪ ፕረሲደንት ናብ ሱዳን መጺኡ ንሰዋኪን ርእዩዎ። ኣብኡ ወተሃደራዊ መዓስከራት ክገብሩ እዮም. . .' ዝብል ዜናታት፣ ንህዝባዊ ርክባት ተባሂሉ ጥራይ እዩ ዝኸውን፣ ብኸምኡ እንተተረዳእናዮ ይሓይሽ። ምኽንያቱ እንድሕር ከነተዓባብዮ ፈቲንና ጭቡጥ ዘይብልና ክንዛረብ፣ መሊስና ከነንበድብድ ኢና ማለት እዩ። ኣብ መኣዲ ናይ'ቶም ወረ ዝፍንዉ ዘለዉ ተዓዲምና ከነጣቕዕ ስለ ዘይግበኣና ሕይብ ኢልና ምክትታሉ ጥራይ እዩ ዘድልየና። ብኣጠቓላሊ ግን ናይ'ዚ ህሉው ምንቅስቓሳት ጭቡጥ ኣብነት ናይ ሶማልያ ኣለና። ኣብ'ዚ፣ ናይ ወያነ

ጸወታታት እውን ኣሎ። ምስ ወያነ ዝሰርሑ ካልኦት ተጻወትቲ እውን ኣለዉ። ኣብ ናይ ወጻኢ ፖሊሲታትና፣ ዝሓለፈ 25 ዓመታት ዝማዕበለ ብዙሕ ጭብጥታትን ዝሓለፍናዮ ተመኩሮታትን ኣሎ። ካብኡ ንመሃር። ኣብ ግዜ ዝሑል ኩናት ዝነበረ ምዕባለታት ሓደ ብሓደ ገምጊምና ክነንብቦ ክንክእል ኣለና። እቶም ዓለማውያን ድዮም፣ ዞባውያን ድዮም፣ ዘቤታውያን ተዋሳእቲ፣ ናይ'ዞም ሰለስተ ረቛሒታት ምውሳእ ኣብ ውሽጢ ዞባና እንታይ ይመስል? ናይ መወዳእታ ዕላማና ርግኣት፣ ሰላም፣ ህድኣትን ምትሕግጋዝን ምስ ጎረባብትናን ጎደቦናን እንድሕር ኮይኑ፣ ካብ ዝሓለፈ ብዝተመሃርናዮ ተመኩሮ፣ ንዝመጽእ ክድገም ዘይብሉን ናብ ዝሓሸ መገዲ ዝወስድን ኩነታት ጥራይ ክመጽእ ስለዘለዎ፣ ብኡ መጠን ነዚ ናይ ቱርኪን ናይ ካልኦትን ኣብ'ዚ ከባቢ ዝግበር ምንቅስቓሳት ተኸታቲልና ክንመዝኖ ኣለና። ንመፈተሺ፣ ንመደናገሪ፣ ንመህወኺ ዝበሃል ዘረባታት ዋላ ንሃልኪ ናይ ህዝባዊ ርክባት ዝግበር ዘረባታት ጥንቅቕ ኢልና ከነስተባህለሉ ዘለና ጉዳይ እዩ። እነስተናዕቓ ወይ እውን 'ኣይኮነን' ኢልና ንጎስዮ ዘይኮነ፣ ኣብ ውሽጢ እቲ ገጅፍ ናይ ወጻኢ ፖሊሲ፣ ምስ ናይ ጎደቦና ኣዛሚድና ክንርእዮ ዘለና ሕቶ እዩ። ንቱርኪ 'እንታይ ክትገብሩ ኢኹም ናብኡ ትመጽኡ ዘለኹም?' ኢልና ክንሓቶም እውን ይግበኣና። ቀሩብ ክርደኣና ምእንቲ እንተ ትነግሩና እውን ጽቡቕ። ኣይፋልናን ኣይንነግርን ኢና እንድሕር ኢልኩምና ከኣ ናትኩም ጉዳይ እዩ - ግን ፍቓድኩም እንተኾይኑ ንገሩና ንብሎም።

**ሕራይ ክቡር ፕረዚደንት ናብ ኩነታት ኢትዮጵያ ክንሰግር። ፖለቲካዊ ቅልውላው ኢትዮጵያ ኣብ ዓዘቕቲ እዩ ዘሎ። ኣብ መንጎ ክልላት ብቐጻሊ ዝርአ ዘሎ ግጭታት ኣሎ፣ ኣንጻር መንግስቲ ዝቐንዐ ሰፊሕ ህዝባዊ ተቓውሞታት እውን ኣሎ። ኣብ ውሽጢ መላፍንቲ ናይ ወያነ ዝኾኑ ውድባት ኢህወደግ'ውን ዘይምቅዳው ኣሎ። ኩነታት ኢትዮጵያ ናበይ ገጹ እዩ?**

ሕጂ ከመይ ገይርና ንግምግሞ፣ ንመጻኢኸ ከመይ ንርእዮ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ'ዚ ዞባ ወይ ጎደቦና እንብሎ፣ ቅድሚ ናይ ዝኾነ ካልእ ሃገርን ህዝብን ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ኩነታት የገድሰና ንዓና። ንርዱእ ምኽንያታት ብዙሕ ትንታነ ዘድልዮ እውን ኣይኮነን። ብገምጋም 25 ዓመታት ወይ ልዕሊኡ ሓሊፉ ኢልና ክንዛረብ ንኽእል ኢና። እንታይ እዩ መጺኡ? ኩሉ ግዜ ላግጺ ወይ ጆክስ እዩ። ኣብ'ዚ መወዳእታ ኣብ ናይ ዜና ወረቐት ሓደ ጆክ ኣንቢበ። እቲ ንሳቶም ፓርላማ ኢትዮጵያ ዝብልዎ ናይ ወያነ ፓርላማ'ሲ፣ ነዚ ኣብ መንጎ ክልላት ወይ ኢትኒካዊ ጉጅለታት ዘሎ ግጭታት ዝምርምር ኣካል ኣቑሙ ተባሂሉ። ዓንቀጽ 39 ናይ ፈደራላዊት ደሞክራሲያዊት ኢትዮጵያ ቅዋም እንታይ ከም ዝብል ክርአ ይከኣል'ዩ። እዚ ናብ ምንታይ እዩ ዘምጽኣና፣ ኢትዮጵያ ኣብ ኢትኒክ ኣብ ብሄር ተመቓቒላ ተበታቲና ንኽትነብር - ቀጽሪ ሓደ ኣጀንዳ ወያነ እዩ ነይሩ። ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ'ዚ 25 ዓመታት እንታይ ተራእዩ? ከመይ ገይሩ መጺኡ ኢልና ፖለቲካዊ ገምጋም እንድሕር ክንገብር ኮይንና፣ ናይ ወያነ ሕሙም ኣእምሮ

ዘምጽኦ ዕንወት ናይ ኢትዮጵያ እየ ዝብሎ። ኣብ መጀመርያ 90ታት ዝምድናታትና ደሓን እንከሎ፡ ከመይ እንተኾነ ይሓይሽ ንበሃሃልን ንመኻኸርን ነይርና። ምኽንያቱ ናይ መጻኢ ዕድል ክልቲኡ ህዝብታት ወለዶታት ከተረሓሕቐ እውን ኣይትኽእልን ኢኻ። ብሓባር ተሰዊእናሉ ኢና። ብጀካ እቲ ናይ ወያነ ታሪኽ ናይ ምጥምዛዝ ኣመል፡ ንመጻኢ ጠሚትና ዝተዘርበሉ እዩ።

ንድፌ ናይ ፈደራላዊት ዲሞክራሲያዊት ኢትዮጵያ ክይወጽአ ከሎ፡ ቅድሚኡ እውን ቅድሚ 91፡ ቅድሚ 90፡ ኣብ መወዳእታ 70ታት ኣብ 80ታት ምስ ወያነ ዘዛርበና ዝነበረ፡ ዝንቡዕ ኣካይዳ ወያነ ብዛዕባ ኢትዮጵያ ኣብ ምእራም ኢና ንቃለስ ነይርና። መሰል ርእሰ-ውሳነ ናይ ህዝቢ ትግራይ ብናጽነት እዩ ዝድምደም ተባሂሉ፡ ናይ መጀመርያ ናይ ወያነ ፕሮግራም ምስ ወጽአ፡ ከምኡ ኣይኩነን፡ ኤርትራ ሃገር እያ። ብዛዕባ ሃገራት ክንዛረብ ከለና፡ መግዛእቲ ታሪኽ ኣምጺእና ኢና ንዛረብ ዘለና። ቅድሚ ኣሽሓት ዓመታት ህዝብታት ኣበይ ነይሮም ኣይንዛረብን ኢና። ከም’ዚ ዝኣመሰለ ናይ ፍልሰፍና ፕሮግራም ኣየድልየኩምን እዩ። ኖእ ክንንጸል ኢና፡ ንሕና ምስ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዘራኽብ የብልናን። ምስ ኣምሓራ ይትረፍ ብሓባር ክንነብር ብሓባር ክንልምን እውን ኣይንኽእልን ኢና እናተባህለ እውን ይዝረብ ነይሩ። እዚ ተሰጊሩ ኣብ ሓደ መድረኽ መጺእና። ኣብ መወዳእታ ካብ’ዚ ኣዝዩ ጥሩፍ ምኽንዩነት ዘይብሉ ካልእ ናይ ኢትዮጵያ ኣጀንዳ መጺኡ።

ገና እቲ ስነ-ኣእምሮ ግን ኣይተቐየረን። ‘ንሕና ዘወሓድና ስለዝኾንና ንኢትዮጵያ ከነመሓድራ ወይ ክንገዝኣ እንድሕር ኮይንና ፋሕፋሕ ክነብላ ኣለና’ እዩ እቲ ዋና ነገር ዝነበረ። ዳሕራይ ‘ፕሮግረሲቭ’ ወይ ገስጋሲ ቀዋም ናይ ፈደራላዊ ዲሞክራሲያዊ ኢትዮጵያ ተባሂሉ ዝተዘርበ ኣሎ። ብድሕሪኡ ዝእዝዝ ዝነበረ ስነ-ኣእምሮን ኣጀንዳን፡ ንኢትዮጵያ በታቲንካ ከመይ ገይርካ ትቆጻጸራ እዩ። ሕጂ ንድሕሪት ተመሊስና ነቲ ፖለቲካዊ ኣጀንዳ ክንርእዮ ከለና ኣይሰርሐን። ናይ ብሄራት ነውጺ፡ ኣብ መንጎ ብሄራት ህውከት ምብግጋስ ኢህወደግ ቅድሚ ምምስራቱ፡ ኣየድልን እዩ ኣብ ንብለሉ ዝነበርና እዋን፡ ካልኦት ዝተፈላለዩ ሓይልታት እውን ነይሮም። ድሕሪ 1991 ዓ.ም. ህዝቢ ኢትዮጵያ ናበይ ከም ዝኸይድ ክውሰን ክኽእል ምእንቲ፡ ናይ መሰጋገሪ ቀዋም ክህሉ ኣለዎ ኢልና። ሽዑ ኣብ ዘይጉዳይና ኣይኮንናን ንኣቱ ነይርና። መሻርኽቲ ስለዝነበርና ብውሑዱ ናይ 10 ዓመት ናይ መሰጋገሪ ግዜ ይሃሉ’ሞ፡ ካብኡ ናብ ካልእ ይከየድ ኢና ኢልና። ነዚ ሰጊርካ ዝኾነ ነገር ከተምጽእ ኣይትኽእልን ኢኻ። እቲ ናይ ብሄራት ዝበሃል ምንቅስቓስ ዝኹነ ሰብ ክኽሕዶ ኣይክእልን እዩ። ጽባሕ ንግሆ ምስ ሓድሽ ኩነታት ኢትዮጵያን ናይ’ዚ ከባቢን ንኽቃዶ ናይ መሰጋገሪ ግዜ ክህሉዎ ኣለዎ። ከም’ዚ ኣየድልን እዩ፡ እንተተባህለ፡ ንኢትዮጵያ ብፖለቲካ መቓቒልካ ክትቆጻጸራ እንድሕር ኮይንካ ሓደ ጽላል ክፍጠር ክኽእል ኣለዎ። ኢህወደግ ማለት እዩ። ኢህወደግ ሚእቲ ካብ ሚእቲ ጥራይ ዘይኩነ፡ ካብኡ ንላዕሊ እውን ህወሓት ዝቆጻጸሮ ክኸውን ክኽእል ኣለዎ። እቲ ካልእ ላቑባታት እዩ። ወይ ድማ መጋበርያ እዩ። እቲ ብደገ

ዘወሃብ ስእሊ ግን ከም'ዚ ናይ ብዙሓት ብሄራት ጽላል ዝኾነ ውድብ ከም ዝተመስረተ እዩ። ናይ ልቢ እምነት ኣይነበረን፡ ዋላ ናይ ፕሮግራም እምነት እውን ኣይነበሮን። እዚ ሕጂ ኣብ ኢትዮጵያ እንርእዮ ዘለና፡ ናይ'ዚ ኣጀንዳ ውጽኢት እዩ። እቲ ኣንጻር ናይ'ቲ ሽዑ ዘወሃብ ዝነበረ ምኽሪ፡ ዋላ ግሁድ እናኾነ ከሎ ወያነ ዝሃንደሶ ገስጋሲ ቅዋም ዝተባህለ ናይ ፈደራላዊት ደሞክራሲያዊት ኢትዮጵያ፡ ማለት ኣብ ኢትዮጵያ ካብ ዝተፈጠሩ ወይ ዝተፈጸሙ ዓበይቲ በደላት፡ እዚ እንርእዮ ዘለና ፖለቲካዊ በደል እዩ። ካብ ሰማይ ዝነጠበ ሽግር ኣይኮነን። እዚ ሕጂ ዝዝረበሉ ዘሎ ኮሚተ ቀይሙ ዘጽንየ. . ዝበሃል ዘሎ፡ ወያነ ሃንዲሱ ዘምጽኦ ጸገማት እዩ። ንጃህራ ወይ ናተይ ተራ ንምግናን ዘይኮነ፡ ናይ መጀመርያ ንድፊ ፈደራላዊት ዲሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ ካብ ዝረኣዩ ቀዳሞት ሓደ እየ ኢለ ክዛረብ እኽእል'የ። በቲ ዝነበረና ዝምድና ዘይንዛረበሉ ኣርእስቲ ኣይነበረን። ኩሉ ንማኽረሉ ነይርና። እዚ ዓንቀጽ 39 መሰል ርእሰ-ውሳነ ብሄራት ክሳብ ምንጻል እንታይ ማለት እዩ? እንተሰለጠና ኣብ ኢትዮጵያ ንጸንሕ፡ እንተዘይሰለጠና ከኣ ንወጽእ ማለት ድዩ? ነዚ ብሄራዊ ኣቃውማታት ዝበሃል፡ ቀስ ብቐስ ኣብ ምህናጽ ሃገር እናተወሃሃደ ናብ ሓድነት ከም ዝኸይድ ምግባር እምበር፡ ከም ዘለዎ ዓቂብካ ትካላዊ ቅርጺ ከተትሕዞ ሓደገኛነቱ መወዳእታ የብሉን። ኣብ ዝኾነ ይኹን ሃገርን ከባቢን ኣይሰርሕን እዩ። ነቲ ብዙሕነት ፈሊጥካን ኣሚንካን ናብ ዘተኣማምን ውህደት ከም ዝኸይድ ትሰርሕ። እንተዘየሎ ነቲ ዘሎ ምምቕቓል ዓቂብካ ብቐቢላ፡ ብእንዳ፡ ብብሄር፡ ቁልቁላዊ ምትፍናን ናይ ሕብረተሰብ ምፍጣር ኣዝዩ ሓደገኛ ናይ ፖለቲካ ጸወታ እዩ። ነዚ ጸወታ እዚ ኣብ ኢትዮጵያ ዘተኣታተወ፡ ዝሃንደሰን ዝሰርሓሉን ከኣ ወያነ እዩ። እዚ ጥራይ ኣይኮነን። ወያነ ዝፈጸሞም ኣርባዕተ ዓበይቲ ጌጋታት እዮም። ናይ'ዚ ሕጂ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ዘናቖት ዘሎ ፖለቲካዊ ኣጀንዳ ወያነ ምብርዓን ጥራይ ዘይኮነ፡ እቲ ቑጠባዊ ኣጀንዳኸ? ብፖለቲካ መቓቚልካ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ክትቆጻጸሮ ምፍታን ሓደ እዩ። ምስኡ ግን ቁጠባ ከኣ ክትቆጻጸር ኣለካ። ወያነ ነዚ ሳዕቤን ኣይረኣዮን። ንሓደ ፍሉይ ጉጅለ ካብ ሓደ ሃገር፡ ቁጠባ ሃገር ከም ዝቆጻጸር ምግባር ማለት - ብብሄር መልክዕ ነቲ ዝበዝሐ ኣዋሲንካ ንሓደ ውሑን ብሄር ጥራይ ከም ዝቆጻጸሮ ምግባር ቁጠባዊ ምትፍናን ምፍጣር ብጣዕሚ ሓደገኛ እዩ። ካብኡ ዝኸፍእ ሓደገኛ ጸወታ ኣይነበረን። ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ናይ ኤውሮጳ፡ ኣመሪካ. . . ጐስጐስቲ እናቐጸርካ፡ ኢትዮጵያ ንወፍሪ ምችእቲ ሃገር እያ፡ 'ደብል ዲጂት' ምዕባለታት ቁጠባ ተርኢ ኣላ. . . እናበልካ ዝኾነን ዘይኮነን ዘረባታት፡ መሬት ናይ ሃገር እናሸጥካ፡ ኣብ መወዳእታ - ናይ ሓደ ጸቢብ ጉጅለ ቁጠባዊ ምቁጽጻር ምፍጣር ዘስዓቦ፡ እዚ ሕጂ እንርእዮ ዘለና ኩነታት እዩ ናይ ኢትዮጵያ። ብኣጠቓላሊ ደሚርካ ናይ ኢትዮጵያ ቁጠባዊ ዕንወት እቲ ዝካየድ ፕሮፖጋንዳ ብዘየገድስ፡ እዚ ፍልስፍና'ዚ ስለ ዝነበረ፡ እዚ ሕጂ ንርእዮ ዘለና ቁጠባዊ ቅልውላው ስዒቡ። ህዝቢ ብጀካ እቲ ወያነ ዝፈጠሮ ፖለቲካዊ ጸገማት፡ ቁጠባዊ መሰሉ ከረጋግጽ ዘይዕግበቱ ይገልጽ ኣሎ። ናይ ኢትዮጵያ ቍጠባዊ ኩነታት ኣብ ምንታይ ኣሎ ሕጂ እንድሕር ኢልና፡ ከም'ዚ ኣይ.ኤም.ኤፍን ዓለማዊ ባንክን ዝሃብዎ ለበዋታትን ምኽርን፡ ብር ዲቫልዩ ገይርካ (ዋጋ ብር ብምጉዳል)፡

ቁጠባ ከተመዓራሪ ኣይኩነን። ክልተ ኣሃዛት ዘለዎ ዕብየት ከርኢ ዝጸንሐ ቁጠባ፡ ሕጂ ኣብ ከም'ዚ ዝኣመስለ ኩነታት ክኣቱ ይኽእል ድዩ? እዚ እቲ ካልኣይ ዓቢ ጌጋ ኣጀንዳ ወያነ ኣብ ኢትዮጵያ እዩ።

ወተሃደራውን ጸጥታውን ምቁጽጻር ሳልሳይ ኣጀንዳ እዩ። እዚ ሕጂ ኣብ'ታ ሃገር እንርእዮ ዘለና ጸጥታዊ ኩነታት በየን መጺኡ? 'እዛ ትብለል ሃገር፡ እዛ ትብለል መንግስቲ እዚኣ፡ ኣብ ሶማልያ ከይዳ ትዋጋእ፡ ኣብ ካልእ ከባቢታት ናይ ሰላም ዓቃቢ ሰራዊት ትሰድድ፡ ምስ ኤርትራ ክንደይ ግዜ ዝተዋግኣት. . .' እዚ ኩሉ ንምንታይ የድሊ? ምስ ኤርትራ ብሰላም ንኽትነብር - ሰራዊት እውን፡ ጸጥታ እውን ኣይመድለየካን። ብሓባር ትነብር እንተ ኮይንካ ናይ ሓባር ርግኣት ትፈጥር። ናብ ሶማልያ ዘኸይድ ምኽንያት የብልካን። ኣብ ዝተፈላለዩ ካልኣት ከባቢታት ብወተሃደራዊ ሓይሊ ናይ ሓደ ጸቢብ ጃንዳ ምቁጽጻር ክተውሕስ ዝከኣል ኣይኮነን። ኣብ መጀመርታ ክመስለካ ይኽእል ይኸውን። ብኸምኡ ዝኣመስለ ሓይሊ፡ ንህዝቢ ኣርዒመ ክገዝእ ወይ ክቆጻጸር ኢልካ ክትሓስብ ትኽእል ትኸውን። ግን ንሓጺር ግዜ ዝሰርሕ እዩ። ነባሪ ሰላም፡ ነባሪ ክብረት፡ ርግኣት፡ ብዘይገዚፍ ወተሃደራዊን ጸጥታውን ሓይሊ ከተረጋግጾ ክትክእል ኣለካ። ቅድም ንዕኡ ዝኸውን ባይታ ክትምስርት ክትክእል ኣለካ።

እቲ ራብዓይ ኣጀንዳ (ጸገም) ናይ ወያነ፡ ምስ ናይ ደገ ሓይልታት ተዋዲኻ ወይ ተሰማሚዕካ ምቊጽጻርካ ከተሐይል ምፍታን እዩ። ስለ'ዚ ኸኣ ንሓይልታት ደገ ትግዛእ። ናይ ወያነ ፈላስፋታት ብተደጋጋሚ ክብሉና ዝፍትኑ ዝነበሩ'ሞ፡ እዚ ኣየወጻጸኣኩምን'ዩ ኣብ ዝበሃለሉ ዝነበረ -'ምስ ሓያል ውሽማ ኣደኻ ተሰማሚዕካ ሕደር' እዩ ነይሩ ፍልስፍናኦም። ምስ ሓያል ውሽማ ኣደኻ ተመሳሲልካ ሕደር ማለት - ምስ ናይ ደገ ሓይልታት ተሰማሚዕካ ኪድ ማለት እዩ። እቲ ዝኸፍአ ነገር፡ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ምቊጽጻርን ኣብ'ዚ ከባቢ ትብለል ናይ ምዃን ጥሙሕን ጥራይ ዘይኮነ፡ ንመቓልስትኻ ህዝቢ ኤርትራ ብምጥላም - ግዳይ ገይርካ፡ ምስ ናይ ደገ ሓይልታት ተሰማሚዕካ፡ ንህዝቢ ኢትዮጵያ በዲልካ ክትጓዓዝ ምድላይ እዩ። ኣብቲ ፈለማኡ ምናልባት ንወያነ፡ ከም ዓቢ ዲፕሎማሲያዊ መኽሰብ፡ ከም ዓቢ ስትራተጂካዊ ዕድል ናይ ተራቐቕቲ ፍልስፍና ይመስሎ ነይሩ ይኸውን።
ኣብ መወዳእታኡ ግን፡ ኩሉ'ቲ ናይ ምቁጽጻር ህርፋን ኣይሰርሐን። ንህዝቢ ኤርትራ ጠሊምካ፡ ሻዕብያ መካይድኻን መሳርሕትኻን ከምዘይነበረ ከም ቀዳማይ ጸላኢኻ ጠሚትካ፡ ብደገ ዝመጽእ ኩሉ ዓይነት ተጻብኦታት ከተሳሲ፡ ልዕሊ ዝኾነ ከኣ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ምስ ህዝቢ ኤርትራ ከተተፋንዎ፡ ካብኡ ናብኡ ንህዝቢ ትግራይ ምስ ህዝቢ ኤርትራ ከተረሓሕቖን ከተጣቓሶን - እንታይ ተኣምራት ተራእዩካ እዩ? እዚ ኣብ 25 ዓመታት ዝረኣናዮ፡ ወያነ ዝመስርሖ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ድሕነንታዊን ናይ ወጻኢ ዝምድናታቱን ኣጀንዳ ሓደ ብሓደ እንተርኢናዮ፡ ጉሉሕ ጌጋኡ ክንግንዘቦ ንኽእል ኢና። እዚ፡ ግብጺ መጺአ ኣላ፡ ምስ ሱዳን ተመሓዚና ኣለና፡ ኣንጻር ኤርትራ ከምዚ ንገብር ኣለና. . . ዝበሃል ዘሎ እምበኣር

ኣይመድለየን። ብኣውራኡ ግን፡ ወያነ ዘተኳዕዘሉ ናይ ፖለቲካ፡ ቁጠባ፡ ጸጥታን ናይ ወጻኢ ዝምድናታትን ፕሮግራማት ክሳብ ክንድ'ዚ ክቕጽል ምኽኣሉ፡ ብተናጸል ክረአ ዘክኣል ኣይኮነን። ንድሕሪት ተመሊስና ናይ ክሊንተን፡ ቡሽን ኦባማን ሰለስተ ምምሕዳራት ዝነበሮም ተራ ክንርኢ ንኽእል ኢና። ከም'ዚ ዝኣመሰለ ጌጋ እናተፈጸመ ከሎ ስለምንታይ ኣጆኻ ይብሉ ነይሮም? ኣብ ኤውሮጳ ዘለዋ ዝተፈላለያ ሃገራት ስለምንታይ ነዚ ክሳሰየኦ ጸኒሐን? ስለምንታይ እዩ እቲ ግዜ ነዊሑ እንተደኣ ተባሂሉ፡ ብናይ ወያነ ውሽጣዊ ፕሮግራም፡ ብናይ ወያነ ውሽጣዊ ኣጀንዳ ጥራይ እንርእዮ ኣይኮነን። ወያነ ከምኡ ንኽገብር ሓይሊ የብሉን። እቲ ጉዳይ መሊሱ እናተሓላለኸ ክኸይድ'ውን ኣይምኸኣለን ነይሩ። ብናይ ወያነ ውሽጣዊ ዓቕምታትን ናይ ኢትዮጵያ ፕሮግራማትን ጥራይ ነይሩ እንተዝኸውን፡ ግዜ እውን ኣይምነውሐን።

እቲ ዝዓበየ ሓላላኺ እቲ ብደገ ዝግበር ዝነበረ ፖለቲካዊን ቁጠባዊን ድጎማ እዩ። ኩሎም ኣውፈርቲ ኢና፡ ሃብታማት ኢና ኢሎም ኣብ ኢትዮጵያ ገንዘቦም ዘውፈሩ ካልኦት'ውን፡ ነዚ ኩነታት ብምፍጣር ዕምሩ ከም ዝናዋሕ ገይሮሞ። እዚ ሕጂ 'ጽዑቕ ክንክን' ዝበሃል ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ኩነታት ግን ነባሪ ኣይኮነን። ክቕጽል ኣይክእልን እዩ። ንሕና ስለዝተጠለምና፡ ግዳይ ስለዝኾንና ንዛረቦ ዘለና ኣይኮነን። ኣብ ወድዓዊ ገምጋም ናይ ኢትዮጵያ ካብዚ ወጻኢ ካልእ ኩነታት ኣሎ ዝብል እንተደኣ ኣሎ፡ ኣብ 25 ዓመታት ዝማዕበለ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ጸጥታዊን ናይ ወጻኢ ዝምድናታትን ከመይ ኢሉ ከም ዝማዕበለ ሓደ ብሓደ ተንቲኑ ይርኣዮ። እቶም ንወያነ ዘጋገዩ ካብ ዋሺንግተን ጀሚርካ ኣብ ርእሰ- ከተማታት ኤውሮጳ ዘለዋ መንግስታት ክኽተላኦ ዝጸንሓ ፖሊስታት፡ ንወያነ ምትብባዕ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣንጻር ህዝብን መንግስትን ከካይድዎ ዝጸንሑ ተጻብኦታት ጸብጺብካ እንተርኢኻዮ እቲ ስእሊ ንጹር እዩ። እዚ ከኣ ከም'ዚ ኢሉ ክቕጽል ኣይክእልን።

ብሓቂ ንሕና ዘይኢድና ኢና ተፈዲና። ዋላ ንታሪኽና ደምሲስካ ንምጥፍኡ ንምህሳሱ ዘይግበርን ዘይተገብረን ፈተነታት የለን። ዘይተገብረ ምጥቓስ ኣይነበረን። ኣብ መንጎ ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ኢትዮጵያን መወዳእታ ዘይብሉ ጽልኢ ንምስራት ዝተገብረ ፈተነታት፡ ዓይንናን ኣእምሮናን ከፊትና ክንከታተሎ ዝጸናሕና እዩ። 25 ዓመታት ከሲርናዮ ኢና፡ ዝሓለፈና ዕድል ቀሊል ኣይኮነን። እንተኾነ፡ ብዝሓለፈ ንጠዓሰሉ የብልናን። ብዝሓለፈ ተሰናቢድና እንቕየደሉ እውን የብልናን። መጻኢ ዝምድናታት ናይ ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ኢትዮጵያን፡ ካብ'ቲ ክሳብ 91 ብሓባር ዝተቓለስናሉ ዝፍለ ሓድሽ ምህዞ ወይ ሓድሽ ፍልስፍና የብልናን። ካብ'ዚ ናይ 25 ዓመታት ዕንወት ተማሂርና ኢና። ህዝቢ ኤርትራ ተማሂሩ ኣሎ። ህዝቢ ኢትዮጵያ ተማሂሩ ኣሎ። ብቐንዱ ከኣ ህዝቢ ትግራይ ተማሂሩ። ምናልባት ሕጂ ግዜ ንምንዋሕ ዕድመ ንምንዋሕ፡ ከም'ዚ ተገይሩ፡ ጽገናታት ተገይሩ፡ እሱራት ክንፈትሕ ኢና፡ ኢትንካዊ ጸገማት ክንፈትሕ ኢና፡ ቁጠባዊ ምትዕርራይ ክንገብር ኢና. . . ዝብሉ ዝተፈላለዩ መደናግሩ፡ መዓልቲ መዓልቲ ንከታተሎም ዘለና እዮም።

እቲ ጉዳይ ግን ኣብቂዑ እዩ። ህዝቢ ኢትዮጵያ ሕጂ’ውን መጻኢ ዕድሉ ዝውስነሉ ክፈልጥ ክኽእል ኣለዎ። 25 ዓመታት ኣብ ዕድመ ህዝብታት ንእሽቶ ግዜ ኣይኮነን። ገዚፍ ግዜ እዩ። ህዝቢ ኢትዮጵያ መንገዱ ክፈልጥ ክኽእል ኣለዎ።
እዚ ሕጂ ንህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያ ንኽተረሓሕቕ፡ ኤርትራ ከም’ዚ ትገብር ኣላ፡ ሻዕብያ ከም’ዚ ገይሩ፡ ኣብ ኢትዮጵያ፡ ኣብ’ዚ ዞባ’ዚ ከም’ዚ ገበረት ዝበሃል ዘሎ፡ ቀደም ክሳብ ኣዲስ ኣበባ ታንክታትናን መዳፍዕናን ሒዝና ክንኣቱ ከለና’ኮ ንጃህራ ኣይኮንናን ኣቲናዮ። ንመጻኢ ዕድል ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ኢልና ኢና ሰሪሕናሉ። ንሕና ነፊዕና ንስኹም ሓሚቕኩም ኢልና እንዛረበሉ ጉዳይ’ውን ኣይኮነን። ሕጂ ሓድሽ ምህዞ ዝበሃል የብልናን። ህዝቢ ኢትዮጵያ እውን ሓድሽ ምህዞ የብሉን። ኣብ መንጎ ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ኢትዮጵያን ኣብ ዝህሉ ዝምድናታት ሓድሽ ምህዞ የለን። ብኸመይ ናይ መጻኢ ዕድላትና ንውስን፡ ከመይ ገይርና ንተሓባበር. . . ንዝኾነ ሰብ ዝስወር ኣይኮነን።

ስለ’ዚ እዚ ሕጂ ኣብ ኢትዮጵያ ኣሎ ዝበሃል ኩነታት፡ ብውድዓዊ ንባብ ክንበብ ክኽእል ኣለዎ። ብብዝተሰመዓካ ዝዝረብ ኣይኮነን። ሓደ ብሓደ እዞም ክገልጾም ዝጸናሕኩ ስጉዳት እዮም። ትንታነ ኣይኮኑን - ምዝጉብ ጭብጥታት እዮም። ካብኡ ዝዓቢ መጽሓፍ ናይ ትምህርቲ ከኣ የለን። ኣብኡ ግዜ ከነጥፍእ ዘይኮነ፡ ዝኣኽለና ተማሂርና ኣለና። ዝኣኽለና ስለ ዝኸሰርና ከኣ ንድሕሪ ሕጂ ብኸምኡ ክንቅጽል ኣይንኽእልን ኢና። ህዝቢ ኢትዮጵያ፡ ዝሓለፈ ዓመት ዘርኣዮ ተቓውሞታት፡ ግሁድ መግለጺ ናይ ዘይዕግበቱን ውጽኢት ናይ ግጉይ ስትራተጂ ወያነን እዩ። ስለ’ዚ ቀሰይ ኢልና፡ ሓድሽ ምህዞ ከየምጻእና፡ በቲ ቀደም ዝተጓዓዝናሉ መስመር ጥራይ ኢና ክንከይድ ዘለና። ሕጂ ነዚ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ኩነታት ዘይመልክዑ ንምሃብ፡ ኤርትራ ንእከለ ደጊፉ. . . ከምዚ ከኣ ገይሩ. . . እናበልኩም ኣብ ባይቶ ጸጥታ ትኸሱና ደኣ ንሕናስ ምሳኻትኩም እንዲና ኣቲናያ ኣዲስ ኣበባ፡ ብሓንሳብ እኮ ኢና ኣቲናያ። ሽዑ ስለምንታይ ኢድኩም ተእትዉ ኣለኹም ኣብ ጉዳይና ዘይተባህለ. . .። ብዙሕ ክበሃል ምተኻእለ።

ብዙሓት ነቲ ታሪኽ ብግቡእ ዝፈልጡዎ፡ ‘እዚ ኹሉ ብሓንሳብ በሊዕና፡ ብሓንሳብ ሰሪሕና፡ ብሓንሳብ ተሰዊእና፡ ብሓንሳብ ተቓሊስናስ ሕጂ ንዓኡ ከም ዘይነበረ ንምድምሳስ ዝግበር ፈተነታት እንታይ እዩ ምስጢሩ? ይብሉ እዮም። ግዳ ሓድሽ ዛንታ የለን፡ ኩሉ ስኑድ እዩ። ኣብ ኣካይዳና፡ ናይ ብሓቂ ካብ’ቲ ቀደም ዝነበረና እምነት ሎሚ ዘለና እምነት ዝያዳ ይሕይል። ንወያነ ጥራይ ዘይኮነ፡ ነቶም ኣሸቀልቲ ወያነ’ውን እንተኾነ እንሓንከሉ ወይ እንፈርሓሉ ጉዳይ ኣይኮነን። መጻኢ ዕድል ወለዶታት ስለዝኾነ።
እዚ ኣብ ኢትዮጵያ ክኽሰት ዝኽእል ፖለቲካዊ ምዕባለታት፡ ንኤርትራ ብሓፈሻኡ ድማ ንቀርኒ ኣፍሪቃ ብኸመይ ክጸልዎ ይኽእል? ክልቲኡ ህዝብታት ዝኸሰሮ ዕድላት ዳግም ንኽበራበርከ እንታይ ተኽእሎ ኣሎ ወይ እንታይ ኮነት ይሓትት?

ድሕረ-ባይታኡ እቲ ኣቐዲመ ዝገለጽክዎ እንድዩ፡ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ህዝብታት ዘሎ ዝምድና ጥራይ ክንርኢ የብልናን። ድሕሪ ካልኣይ ኵናት ዓለም ናይ ኢትዮጵያ ጽውጽዋይ ተፈጢሩ። ኢትዮጵያ ገዚኣትና፡ ኢትዮጵያ ከምዚ ገይሮምና . . . ክበሃል ከሎ፡ ናይ ብሓቂ ንዓይ ኩሉ ግዜ ሰኽፍክፍ ዝብለኒ እዩ። ናይ ኢትዮጵያ ዝነበረ ስርዓታት ንምንእኣስ ዘይኮነ፡ ውሳነ ናይ ኢትዮጵያ ኣይኮነን ነይሩ። ህዝቢ ኤርትራ ከም ኩሎም ህዝብታት፡ ከም ኩሎም መግዛእቲ ዶባቶም ዝሓንጸጹሎም ህዝብታት ናጽነቱ ክረክብ መሰሉ እዩ ነይሩ። ግን ኣይተኻእለን። ስለምንታይ - እቲ ሽዑ ዝመጸ ዓለማዊ ስርዓት ዝፈጠሮ ኩነታት ነይሩ እዩ። ዕድልናን መሰልናን ምስ ተኸላእና ኣብ መወዳእታ ተቓሊስና - ከቢድ ዋጋ ድማ ከፊልናሉ።

እዚ ፍልስፍና'ዚ፡ ማለት እዚ ‘ሓንቲ ጎብለል መጋበርያ - ኢትዮጵያ ፈጢርካ ናይ ምስራሕ ፍልስፍና’፡ ኣብ ዝሓለፈ 25 ዓመታት'ውን ርኢናዮ - ኣይተቐየረን። ድሕሪ 1991 እውን ብሓባር ተጓዒዝናን ተቓሊስናን ኣብ ዝብጻሕ በጺሕናን ኢና። እቲ ድሕሪ ካልኣይ ኲናት ዓለም ክፍጠር ዝነበሮ ኵነታት ድማ መሊስናዮ። ድሕሪ ካልኣይ ኵናት ዓለም ኤርትራ ናጽነታ ረኺባ፡ ኢትዮጵያ'ውን ናጻን ልኡላዊትን ሃገር ኲይና። ክልቲኦን ሃገራት፡ ክልቲኦም ህዝብታት ከምቲ ጀሚሮምዎ ዝነበሩ ናይ ምትሕግጋዝ ጎደና ሒዞም እንተዝቕጽሉ ግን፡ እቲ ኵሉ ዝኸፈልናዮ መስዋእቲ፡ ዝፈጠረልና ጸገማት፡ ዝጠፍኣና ዕድል፡ እንተላይ ንዓኣቶም፡ ኣይመጋጠመን ነይሩ። ምናልባት ነቶም ሽዑ ዝነበሩ ገዛእቲ ኢትዮጵያ መሲልዎም ነይሩ ክኸውን ይኽእል - ግን እቲ ህዝብታት ነቲ ድሕሪ ካልኣይ ኲናት ዓለም ዝተፈጥረ ዕድላት ከሲርዎ እዩ። ሓቢርና ኢና ከሲርና። ሓቢርና ዝተቓለስናሉ ምኽንያት ከኣ ነዚ በደል'ዚ ኣሪምና ኣብዚ ከባቢ'ዚ እናተሓባበርና እወታውን ሃናጺን ኣበርክቶ ክንገብር ምእንቲ እዩ። ብፍላይ ናይ ደርጊ ስርዓት ኣብ ክፍላ ናይ 1970ታት ምስ መጸ፡ ብድሕሪኡ ዝገበርናዮ ቃልሲ ኣብ ዝዓበየ መዛግብቲ ናይ ኣፍሪቃ ዝተመዝገበ ሓቅን ጭብጢን እዩ። ሓቢርና ኢና ሰሪሕና። ንዕኡ ከም ድሕረ-ባይታ ወሲድና ከኣ ኣብዚ ከባቢ ሓቢርና ሃናጺ ኣበርክቶ ክንገብር ተበጊስና። ኣብ ሶማል፡ ዋላ ኵነታት ናይታ ሃገር ምስ ተዘርገ ሓቢርና ክንሰርሕ ተባሂሉ። እዚ ምዝጉብ - ኣብ ታሪኽ ዘሎ እዩ። ሰዓት ሰዓት፡ መዓልቲ መዓልቲ ክንዛረበሉ እንኽእል ጉዳይ እዩ። ‘ሓቢርና ንስራሕ፡ ህዝቢ ሶማል'ውን ሓውና እዩ፡ ምስ ህዝቢ ሶማል ኲይንና ኣብዚ ከባቢ ሓደ ሓያል ውህደት ክንሃንጽ ንኽእል ኢና’ ንብል ነይርና። ጅቡቲ'ውን ከምኡ ጉለድ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ንዛረበሉ ዝነበርና ኣርእስቲ ንሱ እዩ። ኣብ ሱዳን'ውን እንተኾነ፡ እቲ ዝነበረ ናይ ቢንላድን፡ ናይ ካርሎስ፡ ናይ ካልኦት ዝተፈላለዩ ገበነኛታት ምምጻእ ኣየድልን'ዩ ነይሩ። ዋላ ኣብ 1993 እውን ንሕና ንኢራን ‘ንፈትዋ ወይ ንጸልኣ ነይርና’ ኢልና ክንዛረብ ኣይንኽእል ኢና። ግን ቅድም ናይ ጉደቦና ምሕዝነት ከየደልደልና ምስ ካልኦት እነብለሉ ምኽንያት የለን። ‘ንሕናን ህዝቢ ኢትዮጵያን ከምዚ ክንገብር ኢና፡’ ክበሃል ከሎ ቀሊል ነገር ኣይኮነን። ክልተ ፖለቲካዊ ሓይልታት - ሻዕብያን ወያነን ነቲ ሓሳብ ስለዘምጽኡዎ ኣይኮነን እቲ ጉዳይ።

ብታሪኻዊ ኣመጻጽኣኡ እንተርኢናዮ፡ ናይ ክልቲኣቶም ህዝብታት ዝምድናን ምትሕግጋዝን ስትራተጅያውን ብዙሕ ረቋሒታት ዝጸልዎን ሓቂ እዩ። ምህዞ ናይ ፖለቲካዊ ሓይልታት ኣይኮነን። ንኽንደይ ዓመታት ክጸንሕ'ዩ - ዋላ ንወለዶታት'ውን ክቕየር ዝኽእል ነገር ኣይኮነን።

እዚ ስለዝኾነ፡ ከምቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስኩዎ - እዚ ወያነ ዝገበሮ ሓደጋ ወይ ዲስቶርሽን ናይ ታሪኽ ናብ ንቡሩ ክምለስ ክኽእል ኣለዎ። ኣብ መንጎ ህዝብታት ጽልኢ ፈጢርና ንረብሓ ነገር እንታይ ኣሎ? ዋላ ሓንቲ የለን። ሓቢርና ሰሪሕና ከነምጽኦ እንኽእል ለውጢ ግን፡ ቁጠባዊን ፖለቲካዊን ሓይሉ፡ ጸጥታዊ ርግኣቱ፡ ዝተፈላለየ ምስ ከባቢና ክንፈጥሮ እንኽእል ዝምድናታት ካልእ ነገር ምኾነ። ስለ'ዚ ኦፕሽን ወይ ሕርያ ኣይኮነን። እዚ ዝምድና'ዚ ክምስረት ክኽእል ኣለዎ። ብኸመይ ገይሩ'ዩ ዝምስረት - ንሕና ክንማኸርን ክንተሓጋገዝን ንኽእል ኢና። ምስ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ዝተፈላለየ ኵነታት ክንሰርሕ ንኽእል ኢና። ግን ስልታዊን ንሓጺር እዋን ዝጠመተን ኣይኮነን። እቲ ኣብ መጀመርያ 1990ታት ዘቕረብናዮ እዩ - ሕጂ ሓድሽ ነገር የብሉን። ድሕሪ'ዚ ኵሉ ምሕንካር ናይ ወያነ፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ሕጂ'ውን ኮፍ ኢሉ 'ናበይ ኢና ንኸይድ ዘለና' ኢሉ ዕድሉ ባዕሉ ክውስን ክኽእል ኣለዎ። ብርግጽ ናይ መሰጋገሪ መድረኽ ይሓትት'ዩ። ዝተፈላለያ ውድባት ኣለዋ - ኣብ ትሕቲ ኢ.ህ.ወ.ደ.ግ ዝጸንሓን ካብኡ ወጻኢ ዝኾናን። ብዝተፈላለየ ክግለጽ ዝኽእል ኣወዳድባታት ኣሎ። እዚ፡ ምስ እከለዶ ንኹን ወይስ ኣንጻር እከለ . . . ዘይኮነ፡ ንመጻኢ ዕድላትና ብሓባር ክንስእሎ ክንክእል ምእንቲ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ኵነታት መስመሩ ክሕዝ ክኽእል ኣለዎ። ኣብ መንጎናን ህዝቢ ኢትዮጵያን ዘሎ ዝምድና ልክዕ ብኸምኡ ክተሓዝ ክኽእል ኣለዎ።

ኣብዚ ከባቢ ዘለዉ ህዝብታትን ሃገራትን፡ ዋላ ብዓለም ደረጃ'ውን፡ እዚ ናይ ዋሺንግተን ስርዓት - ናይ ክሊንተን፡ ናይ ቡሽን ኦባማን ዝንቡዕ ኣጠማምታ ወይ መኣዝኑ ዝሰሓተ -'ሚስጋይድድ' እንብሎ ፖሊስታት፡ ኣብ ኢትዮጵያ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ሶማልያ፡ ኣብ ደቡብ ሱዳን፡ ብሓፈሻ ድማ ኣብዚ ከባቢ ዝፈጠሮ ጸገም፡ መስርዑ ክሕዝ ክኽእል ኣለዎ። ሃሳዪ ተራ ናይ ግዳም ሓይሊ ኩብቅዕ ኣለዎ። ኣብ ኤውሮጳ ዘለዋ ይኹና ዋላ እዘን ሕጂ ቦታአን ዝሕዛ ዘለዋ ካልኦት ሓይልታት፡ ኣብዚ ዞባና ብሃናጺ ተራ ዘይዋሳኣሉ ምኽንያት የለን። ሩስያ፡ ቻይናን ካልኦት ዝተፈላለያ ሓይልታትን ማለት'ዩ። ስለዚ ናይ 25 ዓመታት ተመኩሮ እዚ ስለዝኾነ፡ ንመጻኢ ዕድል ናይዚ ጉደቦ'ዚ ብዝምልከት ብጀካ እዚ እነቕርቦ ዘለና ካብኡ ዝሓሸ ርእይቶ ኣለና እንድሕሪ ዝብሉ ኩይኖም ከምጽኡ ይኽእሉ እዮም። በቲ ክኸዶ ዝጸንሐ ግን ክኸይድ ኣይክእልን እዩ። ንኹላትና ዝጥዕም ሃዋሁ ክንፈጥር፡ ናትና ተበግሶ ክንወስድን ናትና ስራሕ ክንሰርሕን ኣለና። ካልእ ተተረፈ ኣወንታዊ ኣበርክቶ ክህሉ ኵሉ ሰብ ዝጽበዮ እዩ። ንሱ እንተዘይ ተረኺበ ከኣ፡ ምሕንካር ዝበሃል ነገር ክህሉ የብሉን።

ኣብ ዝሓለፈ 25 ዓመታት ወያነ ዝፈጠሮ ኩነታት ኣብ'ዚ ዞባ ክቕጽል ዘኽእል ኣይኰነን። እንታይ እዩ መተካእታኡ፡ መተካእታ ኣለዎ ድዩ የብሉን፡ ኣብ ኢትዮጵያ ክመጽእ ዝኽእል ኣሎ ድዩ የለን'፡ ኣብኡ እንብሎ የለን - ግን ደሓን ነቲ ዘሎ ጸጋጊንና እንተኸድና ይሕሸና፡' ክበሃል ይከኣል እዩ። ግን ከመይ ኢኻ ትጸጋግኖ? ምጽግጋንከ ይከኣል ድዩ? ናይ ሓዋሩ ፍታሕ እንታይ ክኸውን ኣለዎ? . . .ዝብል ገፌሕ ኣርእስቲ እውን ኣሎ። ሓድሽ ምህዞ ከኣ የብልናን። ናበይ ገጽና ኢና ንኸይድ. . . እዚን እትን ኢልና ጭቡጥ ፕሮግራማት ኣሎ ክንብል ኣብዚ እዋን'ዚ ኣድላይነት'ውን የብሉን። ከመይ ገይርና ዝምድና ክልቲኦም ህዝብታት ጥጡሕ ዝገብር ባይታን ሃዋሁውን ንፈጥር ኣብ ዝብል ግን፡ ሕርያ ኣይኮነን። ዝርዝራቱ እንታይ ይመስል፡ ከመይ ገይርና ኢና ንሰርሕ . . . ዝበሃል - ኵሉ ዝፈልጦን ዝከታተሎን ስለዝኾነ፡ ኣብዚ ዝመጽእ ዘሎ ዓመታት እንታይ ክንገብር ኢና፡ እንታይ መደብ ሒዝና ኣለና፡ ናትና ናይ በይንና ድዩ ዋላስ እንተላይ ንኻልኦት ኣብዚ ከባቢ ዘለዉ ህዝብታት ዘጠቓለለ መደብ'ዩ፡ ነጻጺልና እንርእዮ መደብ ድዩ'ኸ . . . ምስቲ ኣብ ደቡብ ሱዳንን ኣብ ሶማልያን ዘሎ ኩነታት ክንዛረበሉ ንኽእል ኢና። ጅቡቲ እውን ንእሽቶ ሃገር'ያ ክንብል ኣይንኽእልን። እቲ ጸገም እቲ ኣብ ጁቡቲ ዝጸንሐ ስርዓታት'ዩ። ጅቡቲ ናይ ሓራጅ ሃገር ኰይኑ'ዩ ጸኒሑ እንተተባህለ ምግናን ኣይኰነን። ኣብ'ቲ ስርዓት ዝጸንሐን ድሕሪ ጉለድ እናማዕበለ ዝመጸን ዝኸፍኡ ኣተሓሳስባ ድማ፡ 'ጁቡቲ ከም ዓቢ ወደብ ናይ'ዚ ከባቢ ክምዕብል ምእንቲ፡ ኤርትራን ኢትዮጵያን ክጻልኣ ኣለወን' ዝብል እዩ። ኤርትራን ኢትዮጵያን ተሰማሚዐን ክሰርሓ እንተደኣ ኰይነን፡ ዓሰብን ባጽዕን ከም ወደባት መተካእታ ስለዘይርከቦ፡ ጅቡቲ ጥርሓ ክትተርፍ እያ። ስለ'ዚ ጅቡቲ ንወያነ ወይ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ፈትያ ኣይኰነትን ከምዚ ትገብር ዘላ። 'ክልቲኣን ሃገራት ክጻልኣ ኣለወን . . .' ኣይፋሉን! ከምኡ ዝበሃል ኣተሓሳስባ ጸቢብ እዩ - ንሓዋሩ'ውን ኣየሰርሕን እዩ። ካልኦት ኣብዚ ዞባ ዘለዋ ሓይልታት፡ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዘለዉ ሰብ ፍሉይ ረብሓ ዝበሃሉ፡ 'እዚ ዘሎ ኩነታት ምስ ዝቕጽል - ማለት ኤርትራን ኢትዮጵያን ምስ ዝባኣሳ ጥራይ ኢና ደቂስና ንሓድር ወይ መኽሰብ ንረክብ' ዝበሃል ኣተሓሳስባ ኣየዋጻጽኣኩምን እዩ ንብሎም።

ኩላትና ኣብዚ ጉደቦ ዘለና ሃገራት ሓቢርና ንስራሕ - ግብጺ፡ ስዑዲያ፡ ከሊጅ፡ ኵለን ጉደቦና እንብለን ሃገራት ናይ'ዚ ከባቢ፡ ናይ ሓባር ዕድል፡ ናይ መጻኢ ወለዶታት ዕድል ስለዝኾነ፡ ዘይንመኻኸረሉ ምኽንያት የለን። ነፍሲ-ወከፍ ህዝቢ ናቱ ልኡላውነት ናቱ ናጽነት ኣለዎ። ኣብ መወዳእታ ግን ናይ ሓባር ረብሓታት ስለዘለዉና፡ ኣብዚ ንሕና ምስ ህዝቢ ኢትዮጵያ ሓቢርና ክንሰርሓሉ ኢና እንብሎ ዘለና - ካልኦት እውን ዘይሕወሱሉ ምኽንያት የለን።
ክቡር ፕረዚደንት፡ ስለ'ቲ ዝሃብካና ሰፊሕ ሓበሬታ ብስም ኩሎም ኣንበብቲ እናኣመስገንና፡ ኣብ መወዳእታ እተሕልፎ መልእኽቲ እንተሎ. . .
ኣብ መወዳእታ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ርሑስ ሓድሽ ዓመት ይኹነልና እብሎ። ሓድሽ ዓመት ብምኳኑ ጥራይ ዘይኰነ፡ እዚ ክንዛረበሉ ዝጸናሕና - ሕጂ በጺሕናዮ ዘለና

ነዊሕ ግዜ ዝወሰደ ተሞኩሮታት እውን መሰረት ኮይኑ፡ ናብ ዝሓሸን ዝጠጥሐን ክንጓዓዝ፡ ክምቲ ተጸሚምናን ተጻዊርናን ብትዕግስቲ ሰሪሕና ዝሓለፍናዮ፡ ክምኡ ገይርና ንመጻኢ ጉዕዞና ክንሃንጽ፡ በይንና ጥራይ ዘይኮነ ኣብዚ ከባቢ ምስ ዘለዉ ህዝብታት እውን ከመይ ገይርና ሓቢርና ክም እንሰርሕ ምኽሪ ወይ ማዕዳ ዘድልዮ ጉዳይ ኣይኮነን እብል። ካብዚ ሕጂ እንኣትዎ ዘለና ሓድሽ ዓመት ጀሚርና ንመጻኢ ብዝሓየለ ኣሳጉማ ክንምርሽ፡ ምስ ሰናይ ትምኒት ናይ ሓድሽ ዓመት ሰናይ ገስጋስ ክንግስግስ፡ ንኹሉም ኤርትራውያን ጽቡቕ እምነየሉም።
የቐንየልና!